# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.232 | ረቡዕ 29 ግንቦት 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ፕሮጀክትታት መጽናዕቲ ስነ-ጥንቲ ኣብ ለጠቕታ ዳንካልያ (ኤርትራ)



ገጽ 4
ጓል ገዛዶ ጓል. . .?



ገጽ 5
ዕለታዊ ናብራ



ገጽ 6
ዝኽርታት ቅንያት ናጽነት



ገጽ 9
ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ንኦሊምፒካዊ ኣትሌት ሻኖን ወልዳይ ሸሊሙ




# ዘላቕነት ቀረብ ማይ ንምርግጋጽ፡ ዓበይቲ መደባት ይትግበሩ ኣለዉ

ዘላቕነት ቀረብ ንዝስተን ልምዓታዊ መደባትን ዘገልግል እኹል ማይ ንምርግጋጽ፡ምህናጽ ከዘንቲ ማይ፡ ምውዳድ ትሕተ-ቅርጺ ስርዓተ-ምክፍፋልን ምትካእ ዝኣረገ ሻምብቆታትን ዘጠቓልሉ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ይትግበሩ ኣለዉ።

ኤርትራ - ዝያዳ ካብ ዝናብ ኣብ እትረኽቦ ማይ ከም እትምርኮስ ዝሓብረ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ዲጋታት ልዕሊ-ጸፍሓዊ ማይ ንምህባታም፡ ኣብ ዝሓለፈ 28 ዓመታት ኣስታት 300 ዲጋታት ከምእተሃንጹ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ዛጊት ብዕበዮቶምን ኣገዳስነቶምን ገሊሖም ዝረኣዩ፡ ኣስታት 500 ሚልዮን ሜትሮ ከቦ ማይ ዝዕቑሩ - ዲጋታት ከርከበት፡ ፋንኮ-ጸመኡን ፋንኮ-ራዊን፡ ገርስት፡ ምስሶምን ሎጎን ከምእተሃንጹ፡ ዲጋ ጋሕቴላይ ድማ ኣብ መስርሕ ከምዝርከብ ኣረዲኡ።





ስ/ ሳሙኤል ዮውሃንስ

ምስ ምስፋሕ ከተማን ምውሳኽ ብዝሒ ህዝብን ኣብ ከተማታት ብሓፈሻ ኣብ ኣስመራ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክኸስት ዝጸንሐ ሕጽረት ንምፍታሕ፡ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ፡ እቶም ኣብ በረኽቲ ቦታታት ኣስመራ ዝህልዉ ዘለዉ - ብጠቕላላ 77 ሽሕ በርሚል ማይ ብምኽዛን ዘከፋፍሉ ኢጋንእ ድማ፡ ስራሕቶት ዕደላ ማይ ንምውሓስ ዝዓለሙ ምዃኖም፡ ወጽኢቱ እውን ደሮ ክርእ ጀሚሩ ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ጸገም ምሉእ ብምሉእ ስለዘይተፍትሐ ግና ሕጽረት ከምዘሎ፡ እዚ ግና ምስ'ቲ ኣብ ትግበራ ዘሎ ፕሮጀክትታት ዝፍታሕ ግዝያዊ ምኽኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ሳልሕ፡ ሕጂ ይኹን ደሓር መሰረታዊ ፍታሕ ምስ መጸ ህዝቢ ኣብ ኣጠቓቕማ ማይ ውሕሉል ኣገባብ ክኽተልን ተረኺበ ኢሉ ከየጥኸንን ኣዘኻኺሩ።

ቀዳሚ ክልተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ወሃኒቲ ቦጣት ንዝተበየነ መቐጸዕትን

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ኣብ ቅድመ - ምክልኻል ሓደጋታት ዝመያየጥ ዓውደ - ዘተ ተኸፊቱ

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕናን ቤት-ጽሕፈት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ኣብ ኤርትራን ዝተወደበ፡ ኣብ ተኸእሎታት ክስተት ተፈጥሮኣውን ሰብ-ሰርሖን ሓደጋታትን ክግበር ዘለዎ ቅድመ-ምክልኻልን ዝመያየጥ ዓውደ-ዘተ፡ ብ27 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስማራ ፓላስ ተኸፊቱ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና፡ ዶክተር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን፡ ብደረጃ ዓለም፡ ተፈጥሮኣውን ሰብ-ሰርሖን ሓደጋታት ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ልዕሊ ካልእ እዋናት ጊዜ፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ሕብረተሰብ ከቢድ ጽልዋ ክገብር ምጀንሖ ብምሕባር፡ ኣብ ኤርትራ'ውን ሓደገኛነቱ ከም'ቲ ካልእ ከቢድ'ኳ እንተዘይኮነ ከም እሳት-ጎመራ፡ ደርቂ፡ ውሕጅን ካልእን ብብዝሒ ክኸሰት ምጀንሖ ሓቢሩ።

ንቤት-ጽሕፈት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ኣብ ኤርትራ ወኪሉ ቃል ዝሰመዐ ዶክተር የውሃንስ ጉብረት ድማ፡ ከጋጥም ንዝኽእል ሓደጋታት፡ ሃገራት ኣተኩሮ ሂበን ብዝተወሃሃደ መንገዲ ክሰርሓሉ ከምዝጸንሓ፡ ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዓመታዊ ልዕሊ 100 ናይ ህጹጽ ረድኤት መደባት ህዝባዊ ጥዕና ከምዝትግበር፡ ኤርትራ እውን ንድሕነት ጥዕና ዝምልከት ሃገራዊ ሰነድ ብምድላው፡ ብዕቱብ ትሰርሓሉ ከምዘላ ገሊጹ።

ንዕላማ ናይ'ዚ ዓውደ-ዘተ ብዝምልከት፡ ዶክተር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን፡ ሓደጋታት ምስ ጥዕና ደቂ-ሰብ ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለዘለዎም፡ ብዝተጸንዐ ኣገባብ ጠንቅን ሳዕቤናትን ዝገድሉ መዳያት ንምንዳይ፡ ኣብ ዘጋጥመሉ ድማ ቅልጡፍን ዝተወሃሃደን መልሰ-ግብሪ ንምሃብ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብዛዕባ ዝህሉ ናይ ስራሕ ዝምድና ንምዝታይ ከምዝተኻየደ ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ ክሳብ 31 ግንቦት ዝቕጽል ዓውደ-ዘተ፡ ካብ ጨናፍር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ዞባታትን ካልኦት ሚኒስትሪታትን ከምኡ'ውን ካብ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦትን ዝተወከሉ ይሳተፉ ኣለዉ።



ስ/ ኣቤል በረኸት

# ነበርቲ ን/ዞ/ በረኽ፡ ንስድራ ስዉኣት ሓገዝ ኣበርኪቶም

ኣብ ንኡስ ዞባ በረኽ - ነበርቲ ምምሕዳር ወከደባ፡ ብምኽንያት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ "ሳላ ስዉኣትና ከበርና" ብዝብል መንፈስ፡ ን326 ስድራ-ቤት ስዉኣት ሓገዝ ኣበርኪቶም።

ኣመሓዳሪ ወከደባ ኣቶ መሓሪ ጉደፋ፡ እቲ መደብ ምስ ኣባላት ሃማደኤ ናይ'ታ ዓዲ ብምውህሃድ ዝተወደበ ምዃኑ ብምሕባር፡ ወትሩ ኣብ ጐድኖም ከምዘለዉ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ናይ'ታ ዓዲ፡ ወይዘሮ ዝማም ተከኤ ድማ፡ ስድራ ስዉኣት ኣብ ምንእላይ፡ ኩሉ ዜጋ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ኣበርክቶ ክገብር ጸዊዓ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በረኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጼን ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኣብ ልዕሊ ወከደባ ንዝተኻየደ ግፍዕን ሸዋሉ ዝተኸፍለ መስዋእትን ስንብራቱን ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ብፍላይ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ወትሩ ንቑሓት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

# ጨ/ሚ/ት/ዞ/ማእከል፡ ኣብ ናይ ፈተና ግዜ ለውጢ ገይሩ



ዝሒ ሎሚ ዓመት፡ ኣብ ናይ ካልኣይ ሰሚስተር ፈተናታት ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ግዜ ለውጢ ብዝምልከት ድማ፡ ብደረጃ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝትግበር መደብ ስለዘሎ፡ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ግንቦት ዝተዩድ ዝበረ ሃገራዊ መርመራ ሻምናይ ክፍሊ፡ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ናይ ወርሒ ሰነ ከምዝተዩደ፡ ዜግነታዊ ትምህርቲ ድማ ከም ሓሙሻይ ዓይነት ትምህርቲ ከምዝወሰኸ፡ ቀድሚ ክልተ ኣዋርሕ ንኹለን ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምርሒ ከምእተዋህበ ኣረዲኡ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ናይ ፈተና ግዜ ብዝገበሮ ለውጢ መሰረት፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ፈተናታት ዘካይዳሉ ዕለት ከሰርዓ ጸዊዑ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ብዘውጽኦ መደብ፡ ዓውደ-ኣዋርሕ ትምህርቲ 3 ኣዋርሕ ቀድሚ ምጅማር ሰሩዕ ትምህርቲ ከምዝዳሎ፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ዝኢ ከም መወከሲ ተጠቒመን መደባተን ከምዝሰርዓ ሓቢሩ።

በቲ ኣብ ናይ ፈተና ግዜ ተገይሩ ዘሎ ለውጢ፡ ሰሩዕ ፈተናታት ካብ ቀዳማይ ክሳብ 11 ክፍሊ ካብ 3 ክሳብ 8 ሰነ ከምዝወሃብ፡ ተመሃሮ ሻሙናይ ክፍሊ ግና፡ ካብ 13 ክሳብ 15 ሃገራዊ መርመራ ስለዘለዎም፡ ድሮ ካብ 27 ግንቦት ክሳብ 30 ግንቦት ፈተናታቶም የካይዱ ከምዝለዉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ካብ'ተን ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ 343 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ገለ ኑቲ መምርሒ ብግቡእ ብዘይምርዳእ ድሮ ፈተናታት ከምዝጀመራ፡ እቲ ኩነታት ምስ ተፈልጠ ግን ቅልጡፍ መእረምታ ከምእተገብረሉ ዝሓበረ መምህር በላይ፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ በቲ ዝወጸ መምርሒ ክቕየዳ ኣተሓሳሲቡ።

ዝመጽእ ቀዳም 1 ሰነ ኑቲ ኣብ ኩለን ኣብያተ- ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ሰፖርት፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ መዛዘሚ ክተዩደሉ ምዃኑ፡ 30 ሰነ ድማ ወግዓዊ ምዕጻው ትምህርቲ ከምዝኾነ እውን ገሊጹ።

# ነበርቲ ሎካየብ፡ ትካላት ኣገልግሎት ቄላሕታ ክግበረሉ ይሓቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ከርከበት - ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሎካየብ፡ ኣብ 2001 ምስ ተጠርነፉ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ከም እተዋደደሎም፡ እዚ ድማ ንሂወቶም ብእወታ ከምዝለወጦ ብምሕባር፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ገለ ካብቲ ኣገልግሎታት ስለዝተቛረጸ ዝምልከቶም ኣካላት ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱ ኣዘኻኺሮም።

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ከራር ዋሂድ፡ ኣብ 2009 ዝተሃንጸ ባኒካታትን ሻምብቆታትን ማይ፡ ከምኡ'ውን መዐደሊ ነቑጣታት ካብ ስራሕ ወጺኦ ብምዃኑ፡ ነዊሕ ኪሎ-ሜተራት ተጓዒዞም ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክሰትዩ ተገዲዶም ከምዘለዉ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ጸቡ'ቕ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ከምእተራእየ፡ ይኹን'ምበር ተመሃሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ክቕጽሉ ናብ ኣመላይት ክኸዱ ስለዝግደዱ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ተሳትፎ ብሕልፊ ብኣሉታ ይጽሎ ስለዘሎ፡ ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ክትክፈተሎም ተላብዮ።

ኣስታት 4 ሽሕ ነበርቲ ዘለዉዋ ሎካየብ፡ ካብ ባረንቱ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ 350 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ኣፍዓበት - ንተመሃሮ ኣብ ሕጊ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ኣፍዓበት፡ ንቑሓት ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ክብ ብምባል ተርእዮ ገበናትን በደላትን ንምንካይ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ልዕሊ 2,300 ተመሃሮ ዝተሳተፉዎ ኣስተምህሮ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ኣፍዓበት ሰርጀንቲ በየነ ርእሶም፡ ንዕማማት ፖሊስ፡ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበን፡ ብተመሃሮ ዝፍጸሙ በደላትን ሳዕቤናቶምን፡ ከምኡ'ውን ተራ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ምክልኻል ገበን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ዘይናትካ ዘይምድላይ ካብ ብሉጽ ክብርታት ሕብረተሰብና ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ሓድሽ ወለዶ ነዚ ሰናይ ተግባር'ዚ ክሰዕቦ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ኣልኣዛር ተኽሉ ብወገኑ፡ ካብ ሓደጋታት ተሽከርከርትን ተፈንጀርትን ክጥበር ብዘዕባ ዘለዎ ጥንቃቐታት፡ ከምኡ'ውን ሳዕቤናት ጭኣሲ ብጉድለ ኣተኩሩ መግለጺ ሂቡ።

ተመሃሮ፡ ኣብ ኩሉ ምስ ፖሊስ ክተሓባበሩ ድሉዋት ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ገበን ንዘሬጽሙ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ዝወሃብ መቕጻዕቲ ክኸብድ ተላብዮም።

# ቤት - ትምህርቲ ኢራፋይለ ክትጽገን ተመሃሮ ይሓትቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳር ከባቢ ኢራፋይለ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብዘጋጠመ ህቦብላ ዝዓነወ ክፋላ ጽገና ክግበረሉ ተመሃሮ ሓቲቶም።

እታ ቤት-ትምህርቲ ዚንጉእ ስለዝተቐንጠጠ ግቡእ ኣገልግሎት ትህብ ከምዘየላ ዝሓበሩ'ቶም ተመሃሮ፡ እቲ ኩነታት ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብኣሉታ ጸልዩዎ ከምዘሎ ገሊጾም።

ኣብ ከባቢኦም ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ስለዘየለ፡ ብሕልፊ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርተን ምስ ዛዘማ ከቋርጻ ይግደዳ ብምህላወን፡ ቤት-ትምህርቶም ናብ ካልኣይ ደረጃ እትዕበየሉ ኩነታት ክፍጠር እውን ሓቲቶም።

ኣብ 1992 ብናይ መባእታ ትምህርቲ ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ኢራፋይለ፡ ኣብ 2004 እያ ብዘመናዊ ኣገባብ ተሃኒጻ ናብ ማእከላይ ደረጃ ተሰጋጊራ።

# ናቕፋ - ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዝተፈላለየ ንብረት ብሓገዝ ረኺበን

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ዝርከባ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጳብራን ማእከላይ ደረጃ ስሙድን፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘበርኽ ናውቲ ዲጂታላዊ ቤተ-ንባባትን ካልእ ንብረትን ብሓገዝ ረኺበን።

እቲ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነብሩ ዜጋታት ዝተላእከ ኣስታት 4 ሽሕ ዶላር ዝዋጋኡ ንብረት፡ ፕሮጀክተራት፡ መጉልሒ ድምጺ፡ ሰርቨር፡ ዋይ-ፋይን ካልእን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ድሮ ትካል 'ሮራ ዲጂታላዊ ቤተ-ንባብ' ተኸሊዎ ንኣገልግሎት በቒዑ ኣሎ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጳብራ፡ ኣቶ ተስፋዝጊ ደግለል፡ ምትእትታው ዲጂታላዊ ቤተ-ንባብ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ኑቲ ብክልሱ ሓሳብ ዝቐስምዎ ትምህርቲ ብስእልን ድምጺን ኣሰንዮም ብዝያዳ ንኽርድኡዎ፡ ከምኡ'ውን መወከሲ ጽሑፋት ብቐሊሉ ክረኽቡ ስለዝሕግዞም፡ ኣብ ብቕዓትን ወጽኢትን ትምህርትን ተመሃሮን ኣዎንታዊ ተራ ከምዝህልዎ ኣገንዚቡ።

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ዘላቕነት ቀረብ ማይ ንምርግጋጽ፡ ዓበይቲ . . .

ካብ ስራሕ ደው ናይ ምባል ስጉምትን ብዝምልከት፡ ካብ መዐደሊ ነቑጣታት ንሓደ ፈሲቶ ብሕሳብ 33 ሳንቲም፡ ንጥፍ ምሉእ ድማ ብትሕቲ 24 ናቕፋ ንዝወስዱዎ ጽሩይ ማይ፡ ልዕሊ 50 ናቕፋ ንፈስቶ፡ ንጥፍ ድማ ብኣስታት 4 ሽሕ ናቕፋ ብምሻጥ፡ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣደራዕ ከውርዱ ምጽንሖም ብምጽናዕቲ፡ ስለዝተረጋገጸ፡ ዝተወሰደ ስጉምቲ ምዃኑ ኣጺሩ።

ገለ ነበርቲ ብመስመር በዓባ ንሓደ ፈሲቶ ብሕሳብ 80 ሳንቲም ጥራይ ንዝዕደሎም ማይ ብጅብር ዋጋ ክሸጡ ከምዝርአዩ ዝጠቐሰ ኣቶ ሳልሕ፡ ካሪ ፍታሕ ንምምጻእ ዝተዩደ ዘሎ ጻዕሪ ናይ መውዳእታ ሸቶኡ ክሳብ ዝወቅዕ፡ ካብ ከምዚ ተግባራት ክቖጠቡ ብምዝኽኻር፡ "ዘይግባእካ ረብሓ ክትረክብ ምሕላን ከቢድ ሕጋዊ ሳዕቤን ኣለዎ" ክብል ኣገንዚቡ።

ኤሪና ዝተወከሱዎም ነበርቲ ከተማ ኣስመራ፡ ምስ ምዝዛም ናይ'ቶም ኣብ በረኽቲ ቦታታት ዝተደኮኑ ኢጋንእ ኣብ ቀረብ ማይ ከፊላዊ ለውጢ ተራእዩ ከምዘሎ፡ እቲ ዕማም ምሉእነት ንኽህልዎ ግን፡ ተሃኒጾም ስርሖም ዘይጀመሩ ኢጋንእ ኣገልግሎት ዝጅምሩሉ ኩነታት ክፍጠር ተማሕጺኖም።

ካብ ክፍሊ ሃብቲ ማይ ዞባ ማእከል ጆሚትራ የውሃንስ ሙሉ፡ መዓልታዊ ጠለብ ማይ ነበርቲ ከተማ ኣስመራ 60 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ከምዝኾነ፡ እንተኾነ እቲ ክፍሊ፡ ፍርቂ ጥራይ ከማልእ ከምዝኽእል፡ ምስ'ዚ ዝትግበር ዘሎ ፕሮጀክትታት ግና፡ ኣብ ቀረብ ማይ ርኡይ ለውጢ ክመጽእ ጀሚሩ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ንከተማ ኣስመራ ዝምግቡ ዝነበሩ ብድምር 48 ሚልዮን ሜትሮ ኩቦ ማይ ዝሕዙ 7 ዲጋታት፡ ምስ ዋሕዲ ዝናብ ናይ ምውህሃል ዓቕሞም ኣንቆልቂሉ ከምዘሎ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ተሃኒጸን ዘለዋ ብድምር 80 ሚልዮን ሜትሮ ኩቦ ማይ ክዕቍራ ዝኽእላ ዲጋታት ምስ'ዘን ዘለዋ ዲጋታት ምስሓምን ሎሚኑ ንቀረብ ማይ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን መሰረታዊ ውሕስነት ዝፈጥራ ምዃነን ድማ ገሊጹ።

# ተጋዳላይ ካሕሳይ ገብረገርግስ ተሰዊኡ



ጉዳም ተጋዳላይ ካሕሳይ ገብረገርግስ ማና፡ ብ28 ግንቦት ብሕማም ኣብ መበል 78 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይ 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ ጉዳም ተጋዳላይ ካሕሳይ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍልታት ውድብን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ ካሕሳይ ገብረገርግስ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ተጋዳላይ ካሕሳይ፡ ሎሚ 29 ግንቦት ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሊድያ ስልጣን




# ፕሮጀክትታት መጽናዕቲ ስነ - ጥንቲ ኣብ ለጠቕታ ዳንካልያ (ኤርትራ)



ቡያ (ከባቢ ዓላድ) - ጎላጉል ሳሞቲን ፣ ኣብ 1995 ዝተረኽበ ከባቢ ሓደ ሚልዮን ዓመት ዝገበረ ሽኻና ወድ-ሰብን

ጸጋይ መዲን

ኤርትራ ኣብ ኣሰረ ሂወት ፍልቀት ወድ ሰብን እንስሳታትን ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ቦታታት እትውንን ሃገር እያ። ብሰንኪ ዝሓለፉ ተኸታተልቲ መግዛእታዊ ዘበናት ንመጽናዕቲ ዕድል ዘይረኸቡ እዞም ቦታታት ድሕሪ ናጽነት ብናይ ስነምድሪ መጽናዕቲ ዝጀመረን ዝተወደበን መደባት ክሰላሰሉ ጀሚሮም። እዚ መጽናዕታዊ ፕሮጀክት ኣገዳስነቱ ክዓዝዝዙ ኣቓልቦ ክስሕበን ዝጀመረ ምስ ምርካብ ናይቲ ኣሰታት ሓደ ሚልዮን ዓመት ዕድመ ዝነበረት ሽኻና ናይ ወድ ሰብ እዩ። በዚ መሰረት ኣብ መሬት ኤርትራ ዝርከባ ክፋል ሰሜናዊ ዋልታ ለጥቕታ ዳንካልያ ዝኾነት ለጠቕታ ቡያ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ኣገዳስነቱ ኣብ ሳይንሳዊ ፍልቀት ወድ-ሰብ ዕዙዝ ኮይኑ ንረኽቦ።

ኣብዚ ግዜ እዚ ክልተ ዝተፈላለዩ ናይ ስነ-ጥንቲ ፕሮጀክትታት ኣብዚ ክፋል ለጠቕታ ዳንካልያ ይሰላሰሉ ኣለው። እዞም ፕሮጀክትታት ካብ ወደባዊ ከተማ ምጽዋዕ ከባቢ 100 ክሳብ 120 ኪ.ሜ ርሕቀት ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣብ መጽናዕቲ ፍልቀት (evolution) ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎም ቦታታት እዮም።

- ፕሮጀክት መጽናዕቲ ቡያ

ቡያ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወሸመጥ ዙላ፡ ካብ ኣረፋይለ ከባቢ 31ኪ.ሜ ርሒቓ እትርከብ ንእሽቶይ ቁሸት እያ። እቲ ናይ መጀመርታ ብዓሃህሳዊ መጽናዕቲ ዝተረኽበ ሽኻና ወድ-ሰብ ኣብ ከባቢ ቡያ ብምርካቡ ድማ፡ እቲ ፕሮጀክት 'ብቡያ ፕሮጀክት' ክጽዋዕ ክኢሉ። ለጠቕታ ዳንካልያ ንቀይሕ ባሕሪ ወሸመጥ ዓደንን ከምኡ እውን ንለጠቕታ ምብራቕ ኣፍሪቃን ኣብ ዘራኽብ ቁልፊ ቦታ ዝርከብ ኮይኑ ኣብ ሳይንሳዊ ፍልቀት ወድ-ሰብን ካልኦት እንስሳታትን ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ንልዕሊ 20 ዓመታት ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ ኣብ ከባቢ ቡያ፡ ማዕበለን ጸዑቕ ምርምራዊ ስራሕ ኣካዪዶም። ምስ ከበድ ክሊማዊ ብደሆታትን ሎጂስቲካዊ ጸገማትን ድማ እዚ መጽናዕቲ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ብዓወት ክቡዓህ ክኢሉ። ካብ ዝተማሰረትሉ ግዜ ጀሚሩ ህዝቢ ቀንዲ ተዋሳኢን ተሓባባርን ፕሮጀክት ብምዃን ኣብ ምዕዋት መደባት ዓቢ ተራ ነይሩዎም። ብዘይ ተሳታፍነት ህዝቢ እቲ ከቢ ድማ ፕሮጀክት ቡያ ኣብዚ ዘለዎ ደረጃ ክበጽሕ ኣፃብዩ ምኸኣለን።

ፕሮጀክት ቡያ ኣብ 1994 ብምትሕብባር ኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ትካላት ተመስሪቱ። ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ብምዃን ስርሑ የሰላስል ኣሎ። ፈላሚ ዕላማ ፕሮጀክት ቡያ፡ ምስ ሓፈሻዊ ናይ ስነ-መሬት (geological study) መጽናዕቲ ዝተኣሳሰር እኳ እንተ ነበረ፡ ድሒሩ ግን ምስ ርኽበት ቅርሲታት (fossils) ብፍላይ ድማ ርኽበት ናይቲ ሓደ ሚልዮን ዓመት ዝገበረ ሽኻና ወድ-ሰብ ፣ ኣብ 1995፡ ዕላማን መንፈስን መጽናዕትታት እቲ ፕሮጀክት ክዕጽርን ክፍለን ጀሚሩ። እዚ ሽኻና ኣብ እግሪ ጎቦ ዓላድ ዝተረኽበ ኮይኑ ምስኡ ካልኦት ናይ ኣጻምን መሳርሒታትን ናይ እንስሳታት ኣሰራትን (ናይ ዓብይቲ መጥበውቲ እንስሳታት፡ ዓልየት ዓሳታት፡ ሓርገጽን…) ተረኺበም። ርኽበት እዚ ኣገዳሲ ቅርሲታት ድማ ኣብ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ፍልቀት ወዲ-ሰብ ሓደሽ ምዕራፍ ከፈተ።

ልዕሊ 20 ዓመታት ዝወሰደ መጽናዕቲ ለጠቕታ ዳንካልያ ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃን ዓለምን ፍሉይነት ዘለዎም ከባቢ 200 ቅድመ ታሪኻውያን ቦታታት ኣለልዩ። ገለ ካብዞም ቦታታት ብፍሉይ ብኣሰር ናይ ወድ-ሰብ ዝፍለጡ ንምጥቃስ ድማ፡ ማዕበሉ ደየሊ፡ ዓላድ ፣ ዓላድ-ኣሞ ፣ መልሑሊ-ኣሞ… ካልኦትን ይርከቡዎም። ከባቢ 1000 ሜትሮ ቁመት ዘለዎ ናይ ሓመድ ቀጻላትታት ዳንዲሮን ከበኡን፡ ዝተፈላለዩ ቅርሲታት ናይ ህሉዋትን ዝጸኑቱን እንስሳታት፡ ኣሰራት ናይ ወድ-ሰብ ምስ ናይ ኣጻምን መሳርሒታት፡ ካልእን ሓቝፉ ይርከብ።

ቡያን ከበቡኡን ክፍል ናይቲ ሰፊሕ ምድረ ሳዕራዊ ክፍል ኣፍሪቃ ኮይኑ፡ ካብ ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ዓመታት ኣትሒዙ ካብ በረኻቲ ቦታታት ዝመጹ ውሓይዝ ቀላያትን ዝዕበለል ክሊማዊ ትሕዝቶ ነይሩ። ኣገዳስነት ኣቀማምጣ ቡያ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ለጠቕታ ዳንካልያ ኣብ ምርዳእ ፍልቀት (turnover or evolution)፡ ምስጋምን (migration)፡ ምጽናትን (extinction) ናይቶም ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ዓመት ኣብዚ ከባቢ ዝነበሩ ዝነበሩ እንስሳታት ንምርዳእ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኂ ኂ እዚ ርኽበት ናይታ ሓደ ሚልዮን ዓመት ዕድመ ዝነበረት ሽኻና ናይ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ምርምራዊ መጽናዕቲ ወድ-ሰብ (paleoanthropology) ዓቢ ዝላ ንቕድሚት እዩ ነይሩ። ካብ እዚ ርኽበት ናይ ቡያ ዝተረኽበሉ ግዜ ጀሚሩ ድማ ካብ 1.4 ሚልዮን ክሳብ 650,000 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ምሉእ ሽኻና ናይ ወድ-ሰብ ከም ኣሰር ኣይተረኽበን። ርኽበት ሽኻና ቡያ ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ ሆሞ እረክቱስን ሆሞ ሀይደልበርገንሲስን ዝነበረ ዘይንጹር ፍልቀታዊ ሓበሬታ ኣብ ምምላእን ምርዳእን ዓቢ ኣበርክቶ ነይሩዎ።

ኣብ ለጠቕታ ቡያ ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ስነ-ጥንቲ፡ ንተመራመርቲ ኣገዳሲ ሳይንሳዊ ሓበሬታታት ክሕቡ ኣኽኢሉዎም እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ዓመት እዚ ኣብዚ ግዜ እዚ እንፈልጦ ከባቢታት ቡያ፡ ዘይርጉእ ክሊማዊ ክቡሉጠቕ ከምዝነበርን ከምኡ እውን ብዙሓ ዓሌት እንስሳታትን፡ ምዕቡል መሳርሒታት ዝውንን ወድ ሰብን ከም ዝነበሩዎ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣቀማምጣ ቀጻላታት ቡያን ሓቝፋዎም ዘሎ ቅርሲታትን ኙ ቀጻልን ጸዑቕን መጽናዕቲ ከም ዘድልዮ ዘምትእ ኣይተሳኸን። ኣብ ቀጻሊ ናይ ምርምር ዓመታት ድማ ብዘበርኽ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ፡ ሰፊሕ ኣገዳስነት ዘለዎም ርኽበታት ክርከቡን ከምኡ እውን ምስ ቡያ ዝተኣሳሰርን ብዙሕ መረዳእታ ዘይተረኽበን ኣሰቃቒ ክሊማዊ ለውጥታት ዝተራእየሉ ናይቲ መዋእል ሓበሬታ ክርከቦ ትጽበት ኣሎ።

- ፕሮጀክት መጽናዕቲ ኢንገል ዒላን-ራሙድን

ፕሮጀክት ኢንገል ዒላ - ራሙድ ኣብ 2012 ሓበራዊ ስራሕ ጀሚሩ። እዚ ፕሮጀክት ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝኸለ ኮይኑ ብምትሕብባር እስጳኛውያን ክኢላታት ድማ ዓመት መጺ ኣብ ወርሓት ጥርን ለካቲትን ይካየድ። ፕሮጀክት ኢንገል ዒላ-ራሙድ ብሰለስተ ክኢላታትን ወሰኑን ፊናንሳዊ ዓቕምን እዩ ጀሚሩ። እንተኾነ ግን ሳላ ትሰፋው ርኽበታትን ኣገዳስነት መጽናዕትን፡ ፕሮጀክት ኢንገል ዒላ - ራሙድ ዓመት መጺ ብዝተዓጻጸፈ ዕብየት ክርኢ ክኢሉ እዩ። ኢንገል-ዒላን ራሙድን ክልተ ዝተፈላለያ ቁሸታት ኮይነን ኣብ ከባቢ 20 ክሳብ 30 ኪ.ሜ ካብ ለጠቕታ ቡያ ንሸነኽ ደቡብ ይርከባ። ክልቲአን ቁሸታት ካብ ዶብ ኤርትራን - ኢትዮጵያን ኣብ ወሰኑን ርሕቀት ይርከባ።

ለጠቕታ ኢንገል - ዒላ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ዝርከብ ኮይኑ፡ ክፋል ናይቲ ገጀፍ ዝርግሐ ዘለዎ ለጠቕታ ቀርኒ ኣፍሪቃ እዩ። እዚ ኣከባቢ ቀዳሞት ዓሌታት ወድ-ሰብን ካልኦት ዝተፈላለዩ ዓሌታት እንስሳታትን ዝነበሩሉ ዝነበሩ ኣከባቢ እዩ። ስነ መሬትን ቀጻላታት እዚ ከባቢን ድማ ኣብ ፍልቀት ወድ-ሰብን እንስሳታትን ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣፈናዊ ርኽበታትን መጽናዕትን ኣብ ግምት ብምእታው ገለ ክፋል ርኽበት ፕሮጀክት ኢንገል ዒላ-ራሙድ ምስ ካብ ለጠቕታ ቡያ ዝተረኽቡ ቅርሲታት ተመሳሳልነት ኣለዎም። ካብዚ ብዘፍለ ጌና ኣብ መጽናዕቲ ዝርከቡ ናይ ኣጻምን መሳርሒታት ብዘእንፍቱዎም፡ ኂ ኂ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ዕድመ ምፍላጥ ማስርሕ ዝ. ስሉሓሳብ ምስ ዝደግፍን፡ እዚ ኣከባቢ ኣብ ኤርትራ እቲ ዝጠንተወ ኣሰር ወድ-ሰብ ዝተረኽበሉ ብምዃን ክሰድ ተኽእሎ ኣሎ።

ለጠቕታ ኢንገል ዒላ-ራሙድ ንኢካሎጂካዊን ክሊማውን ኣምራት ዳንካልያ ቅድሚ ሚልዮናት ዓመታት፡ ኣብ ምርዳእ ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ቦታ እዩ። እዚ ኣከባቢ ካብቲ ቅድሚ 40 ዓመታት ኣመሪካዊ ዶናልድ ጆሃንሰን ብ 'ሉሲ' (Lucy) እትፍለጥ ከባቢ 3.2 ሚልዮን ዓመት ዕድመ ዘለዋ፡ ኣሰር ሰብ መሰል ዓሌት (Australopithecus afarensis) ዝረኸበሉ ፣ ከባቢ 500 ኪ.ሜ ጥራይ ርሒቑ ይርከብ።

ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዓመታት ኣብ ሰፋሕቲ ቦታታት ኢንገልን ዒላ-ራሙድን ብዝተጉብረ ዳህሳሳዊ ስራሕን ከዕታን ዝተፈላለዩ ናይ ሰዓ ስራሕን ትሰፋው ሓበሬታን ተረኺቡ ኣሎ። ኣብቲ ዝተሰላሰለ ጸዑቕ ናይ ኩዕታን ዳህሰሳን ስራሕ ድማ ዝተፈላለዩ ኣሰራት ማለት ናይ ዝጸኑቱን ኣብዚ ግዜ እዚ ዘለዉን ዓሌታት እንስሳታት ተረኺቦም። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ ድማ ዝብኢ፡ ሓርማዝ፡ ፈረስ፡ ዘራፍ፡ ዓሌታት ጎባይ፡ ዓብይቲ ጤለበዱ፡ ጋዜላ፡ ሓሸማ ገማሪ፡ ሓርሸን ካልኦትን ይርከቡዎም። ካብዚ ሓሊፉ ንፍልቀታዊ ማስርሕ ብልሒ ወድሰብ ዝሕብር ናይ ኣጻምን መሳርሕን ቴክኖሎጂካዊ ኣሰራርሓ ዘርኢ ኣሰራትን ብሰፊሑ ተረኺቦም።

ርኽበት ናይ ብዙሓ ዘለዎም ዓሌታት እንስሳታት ኣብዚ ቦታ ድማ፡ ንተኽእሎ ካልእ ሓደሽ ሓበሬታ ኣብዚ ኣከባቢ ይእምት። ኣብዚ ዝሓለፈ ሸውዓተ ናይ መጽናዕቲ ዓመታት፡ ዝተፈላለዩ ሓደሽቲ ርኽበታት፡ ማለት ኣቐዲሞም ኣብቲ ልዕሊ 20 ዓመታት ዝወሰደ ናይ ቡያ ምርምራዊ ስርሓት ዘይፍለጡ ኣሰራት ተሰኒዶም። በዚ መንጽር ድማ እዚ ኣከባቢ ኣብ ቀጻሊ ምርምራዊ ማስርሕ ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከመንጩ ከምዝኽእል ይእመነሉ።



ጉጅለ መጽናዕቲ ኢንገል ዒላ-ራሙድ ዓመተ 2019

ብምትሕብባር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዝዳሎ ዓምዲ

# ጓል ገዛዶ ጓል. . . ?



**ጥዑምዝጊ ተስፋይ**

"ቅጽዓት" ዝበሃሉ ደቂ ዘለወዎም ጸቡቕ ገደረ ዝፈልጦም ሰድራ ኣለዉ። ጎረባብቶም፡ ቤተሰቦምን ፈለጥቶምን "ደቅ'ኻስ ከም'ዚኦቶም እንተ ዝኾኑልካ" ክሳብ ምባል እዮም ዝበጽሑ። ኣብ ኣተዓባብያ ወላድ ከኣ ከም ኣብነት የዕልሉሎም። "ኣምላኽ ቀጺዑ እንተ ዝኸኣ'ዩ እምበር ካብ ሰብዶ ኾይኑ - ኣምላኽ ባዕሉ ቀጺዑ ሂቡዎም" ዝብሉ እውን ከም ኣለዉ። እንተ'ኾነ ከም ኣተሓሳስባኖ ስለ ዝኾነ፡ ገሊኦቶም "ቅጽዓት" ክብሉዎም ከለዉ፡ "ሕዩራት" ዝብሉዎም እውን ኣይስኣኑን ይኾኑ።

ዝም ደቅ'ዛ ሰድራ "ቅጽዓት" ኩብሎም ዝኾኣሉ፡ ብዘይካ ብመልእኽቲ፡ ብትምህርቲ፡ ብስራሖ. . . ካብ ገዛ ዘይወጽኡ ምኻኖም ሓዩ፡ ከም መዛኑኦም ናይ ንእሽቶ ባህሪ ስለ ዘየርእዩ ክልተ፡ ካብ ትእዛዝ ወለዶም ፈጺሞም ምንቕ ዘይብሉ ምኻኖም ሰለስተ፡ ንዓበይቲ ዘኽብሩን ምእዙዛትን ምኻኖም ኣርባዕተ፡ ኣብ ጓይላን ዳንኬራን ዘይረኣዩ ምኻኖም ሓሙሽተ፡ ከም'ቲ ኣብ ሕብረተሰብና ዝበሃል "ድምጾም ዘይሰማዕ" ምኻኖ ሹዱሽተ. . . እዩ። በዚ ምኽንያት ካብ ፈለጥቶም ዝውሕዘሎም ኣድናቖት ደረት የብሉን።

እዚ ባህሪ'ዚ ዝጠዘሉ ወሉዲ ዝበሀጉዎ ይመስለኒ። ብሕልፊ ኣብ ጓል-ኣንስተይቲ እንተ ኾይኑ፡ ብወረኣ ጥራይ ዝፈልጡዋ ሰድራ ከይተረፉ እዮም ንመውሰቦ ዝበሀጉዋ።

ሓደ ግዜ ግን፡ እዛም ሰድራ 'እንዳ ዓበይቲ' እናተባህሉ ከለዉ፡ ሓንቲ ካብ ደቆም ካብ ቀጻጽርም ወጻኢ ክትብል ጀሚራ። ማለት'ሲ ብትምህርቲ ኣቢላ ዘወር ምባል ስለ ዝለመደት፡ ናብ ገዛኣ ደንጉያ ክትዘጽሕ ጀሚራ። ንሳ፡ ዋላ'ኳ ንወሉዳ ከም እተጉሀዮም ትፈልጥ እንተ ኾነት፡ ካብ'ቲ "ማሕዩር" ክትወጽእ ግዲ ደልያስ፡ ናይ ዙረት እግሪ ኣየሕጸረትን። ወይ ድማ ፍቕሪ ዝበሃል ነገር ካብ መንገዳ ኣልዩዋ ክኸውን ይኽእል።

ሸዑ ኣብ'ዛም ሰድራ ፈጺሙ ዘይሕሱብ ኣደራዕ ከም ዝወረደ እዩ ተሓሰበ። ሰብ በዛም ሰድራን ቤታ ጎርዞን ከውሪ ጀሚሩ። ኣብ ሰድራ ወግሐ ጸብሐ ቀይቁን ዕግርግርን ምስ ኩሉ እታ ጎርዞ ተጨኒቓ። ዙረት ግን ኣይገደፈትን። ኣብ መወዳእታ ድማ ዘይኑብሶ ተሰኪማ ምስ ተባህለ ካብ ገዛ ከይትወጽእ ተሓዩረ። እቲ ጉድ ዝተባህለሉ ኩነት ኣብ ገዛ ክዕበጥ ተመርጸ።

እቶም ሰብ ንኢዶ ዘይጸገቡም ዝበረ ሰድራ፡ ዘረባ ምስ ተቐየረ መሬት ዝተገምጠለት ኩይኑ ስለ ዝተሰመዖም ምጽዋር ሰሒኖም፡ ከም'ቲ ብዓል ዓ. ሸሙት ነይርካ ሸሙትካ ክትቅንጠጥ ከለኻ ማለት እዩ። "ካበይ ኣምጺእክዮ? መን እዩ. . . " ዝብሉ ሕቶታት ነታ ጭንቕቲ ጎርዞ ጭንቀታ ኣጋዲዶመላ። በትን በትን ተባሂሉ መቸም ኩሉ ተፈሊጡ። ወላድ ብምርካቦም ክንዲ ዝሕጎሱ፡ ብሕጓ ምስ ኩኖም ብዝሒ ሕርር ኣሎም። እቲ ዝኸፍኦ ድማ፡ ምስ ኣቦ ወላድ ከበድ ጸልኢ ተኸሊሎም። ብዙሓት ሰድራ-ቤታት'ኳ፡ ከም'ዚ ኪጋጥም ከሎ፡ "ዝተደፍኦ ኣይሕፈሰን'ዩም እንታይ ንግበር" ብምባል ናብ ልዝብ እዮም ዝኣትዉ። እዛም ወሉዲ ግን፡ ኣብ ንብር ኩነት-ኣእምሮ ስለ ዘይነበሩ ብዛዕባ ቀጻሊ ዝሓስብ ኣእምሮኦም ተደፊኑ እዩ ነይሩ። ብሓጺሩ ክብሮም ምትንካፉ ደኣ'ምበር፡ መጻኢ ወላዶም ኣየሕሰቦምን። "ሾግር ረኺብ'ዛ ቐልዓ" ዝብል ሰብ ተሳኢኑ፡ እቲ ዕላል "ሾግር ረኺቦም'ዞም ገዛ" ጥራይ እዩ ኩይኑ።

ኣብ መወዳእታኡ እታ ጎርዞ ወላዳ ገዲፋ ሰወር ኢላ። ፈጣሪ ይሓግዛ ደኣ'ምበር፡ ብሰንኪ ጭንቀት ብዘይቀልጣን ብዘይመደብን ስለ ዝወጸኣት፡ ዓቢ ጸገም ከም ዘጋጥማ ፍሉጥ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ካብ ገዛ ወጺኣ ዘይትፈልጥ፡ ምስ ሰብ ብዙሕ ሌላ ዘይብላ፡ ሓፋርን ምስ ሰብ ናይ ምርድዳእ ተመክሮ ዘይጥረየት ምኻና ዘይወጽኣ መዓስ ኩይኑ።

ኩሉ ህዝቢ ወይ ሕብረተሰብ፡ ኣፍቱ ባህሊ ወይ ልምዲ ኣለዎ። ገሊኡ እውን ብዘማኖት እውን ስለ ዝድገፍ፡ ካብ'ቲ ልሙድ ኣካይዳ ሕብረተሰብ ምውጻእ ከም ሓጥያት ይቖጸር። ብሕልፊ ኣብ ጓል-ኣንስተይቲ ምስ እንመጽእ፡ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ዘለዎ ኣካይዳ እዩ ዘሎ ኣብ ዓለምና። ካብ ገዛ ክትወጽእ ከም ዘይብላ ዝእዝዙ፡ ክሳብ ገጻ ክረኣ ከም ዘይብሉ ጥብቂ ዝቋጸር።

ናይ ሓንቲ ሰድራ ደረጃ ስነ-ስርዓት ዝውሰን እቲ ባህሊ ወይ ልምዲ ዘፍቅዶ ኣካይዳ ምኻኑ እምበር፡ ከም ባህልና ብሓጺር ተኸቢብና ኢና እንነብር። ከም'ዛ ጎርዞ ካብ'ዚ ሓጺር ዝወጽአ ሰብ፡ ከም ዘይጥዑይ ይውሰድ።

ብባህልኻን ልምድኻን ምቕያድ ሕማቕ ኣይኮነን። እንተ ኾነ ግን፡ ነቲ ብስሪ ዘይተጸንዐ ኣካይዳ ዝስዕብ ሓደጋ ምስባዝሓል የድሊ።

ኑብሰን ይምሓሮ ኣደይ ኣሰፋሽ ዝበሃላ ጎረቤትና ነይረን። ቀጻዒት ቖልዑ ብምንባረን ብኹላቶም ጎረባብቲ ቅብልትን ተፈራሒትን እየን ነይረን። ኩሉ ሰብ የኽብረን - ንሰን ዝበላኦ ኩሉ ቅኑዕ እዩ። ኣቤት መቕጻዕተን ክሓሰም! እቶም ዝፈተንዎ ኢና ንፈልጦ።

እንሓንሳብ ሕብረተሰብ ስለ ዝደለዮ ጥራይ ብዕሙትካ እትቕበሎ ነገራት ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ይገድድ። እቶም ሸዑ ንኣሾቱ ዝነበርና፡ እዘን ኣደ ክብርቲን ኣዚዛትን ምኻነን ስለ ዝተቐበልናዮ ንትኣዘዘን ደኣ'ምበር፡ ካብ ኣፍልጦ ዝቕለ ኣይነበረን። ንሰን ንሓደ ቖልዓ እንተ ጸዊዐናኦ፡ ክጽዋዕን ኣብ ቅድመኣን ደው ክብልን ሓደ ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ንዘኾነ ሰብ ከይተቛየቛ ስለ ዘይሰዓኦ፡ መቋየቕ ንኸይረኽብ ምጥንቃቕ ስለ ዘድሊ እዩ። ግን ከኣ ኩሉ ወዮ እዩ። ኣብ ግዜኻ ደቢኽ እንተ በልካ እውን፡ ፈጺመን መቋየቕ ኣይሰእናን። ብናተን ኣረኣእያ፡ ብኸሉምሉ ምሉእ ኴንካ ክትቀርብ ዘይሕሱብ እዩ። እንተ ሰኢንካልካ "ኢታ ጥዑይ ገይርካ'ሲ ደው በል!?" ክብላ፡ ኣዒንተን ኣፍጢጠን ደህል የብላኻ። እቶም ወለድና ድማ ምስማዕ እንተ ኣቢናዮም ናብኣን የረክቡና። ከሩንኩራት ኣሲረን ጋዝ ኣብ ዝበል ሓዊ በርበረ እናደፍኣ ክሳብ ሳምቡእና ክትወጽእ እተደሊ. ክየጥናና ከለዋ'ኳ ተዘኪረን! ንብዮትናን ምራቕናን ተወዲኡ ሕቖቕ ክሳብ እንብል. . . ኣብ ጥዕናና ክሳብ ክንደይ ጉድኣት ከም ዘስዓብ ብሕክምናዊ መርመራ ስለ ዘፍለጥ ክንድ'ዚ ክበሎ ኣይክእል እዩ። ግን ኣዝዩ ጎዳኢ ምኻኑ ደስመዓና ነይሩ እዩ።

መቸም ንዕላል ዕላል የምጽእ ኩይኑ እምበር፡ ጉዳይና ብዛዕባ "ጓል ገዛ" እንደዩ ዘሎ፡ እዚ ኣበሃህላ እንኮ ትርጉም ወትሩ ምስ ኣደናገረኒ እዩ። ከም ዝመስለኒ "ጓል ገዛ" ክበሃል ከሎ፡ ካብ ገዛኣ ዘይትወጽእ ንምባል እዩ። እንተ ዘይኮይኑ "ጓል በረኻ"ን "ጓል ገዛን" ዝበሃላ ኣዋልድ የለዋን። "ጓል ገዛ" ማለት፡ ካብ ገዛ ዘይትወጽእ፡ ምስ ሰባት ብዙሕ ሌላ ዘይብላ፡



ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ዘይተዕልል ወይ እውን ዘይትረኣ፡ ኣከባቢኣ ዘይትፈልጥ. . . ማለት እንተ ኾይኑ፡ "ጓል ካልእ ዓለም" እንተ ተባህለት ምሓሸ መሰለኒ።

"ወድ-ሰብ ብዙተ'ኻእሎ መጠን ክፈልጥ ኣለዎ" - በዚ ኣበሃህላ ኩላትና ንሰማማዕ ኢና። ምኽንያቱ ፍልጠት ናይ ህይወት መሰረት ስለ ዝኾኑ፡ ወዮ ደኣ ኣእምሮና ክሕዞ ዝኽእል ወሰኑን ኩይኑ እምበር፡ ኩሉ ነገር ምፍላጥ ንሂወት ዝያዳ ንኽትብድህ ዝሕግዝ እዩ። በቲ ኣቓዲምና ዝሎብናዮ ትርጉም ግን "እታ ጓል ገዛ" እትበሃል፡ ብዘይካ ኣብ ገዛኣን ናይ ቀረባ ከባቢኣን ብዙሕ ኣፍልጦ የብላን። እቲ ድሩት ናጽነት፡ ድልየታ ንኸይትገልጽ ክደፍና ግድን እዩ። ብትእዛዝ ጥራይ ክትነብር እንተ ጸኒሓ፡ ብሕልፊ ንሂወታ መሰረታዊ ዝኾኑ ነገራት ባዕላ ክትውስን ዓቕሚ የብላን። ማለት ኣይለመደቶን። ኩሉ ኣካባብራኣ ብድልየት ወሉዳ ዝተሓጸረ ስለ ዝኾኑ ዝረኣያ ኣማራጺታት የለን። ድልየታን ናጽነታን ተቐቢሩ እዩ ዝነብር። ተራ ምቅርራብ ምስ ምስ ወዲ-ተባዕታይ ንዓኣ ሓደሽ ነገር፡ ከምኡ'ውን ዘይቕቡል ይኸውን። ብሓጺሩ፡ ነቲ ወሉዳ ዝሓንጸጹላ መስመር ንኸይትሰግር ብፍርሒ ትነብር።

በዚ መንገዲ ይኹን ብኻልእ መንገዲ ትዕቢ፡ ንሓዋሩ ምስ ወሉዳ እትነብር ጓል-ኣንስተይቲ ከም ዘየላ ንፈልጥ ኢና። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ካብ ወሉዳ ኣብ እትፍለየሉ እዋን፡ ዘዋጽኣ ንኽትውስን ትጸገም ወይ ኣይትውሰንን። መጻናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ ኾኑ፡ ብኸም'ዚ መንገዲ ዝዓበየት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣብ ሓዳር ዕውትቲ ናይ ዘይምኻን ወይ እውን ቅድሚ ሓዳር ወሉዲ ዘይደልዩዎ ተግባር ክትፍጽም ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዋ። በቲ ሓደ፡ ወዲ ሰብ ነቲ ዝተኸልከሎ ነገራት ስለ ዝበህግ፡ በቲ ካልእ ድማ ባህሪ ደቂ-ተባዕትዮ ከይጸንዐ ዕድል ስለ ዘይትረኽብ፡ ክትደናገርን ክትታለልን ኣብ ቀረባ ምኻና እዩ ዝግለጽ።

ናጽነት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዝሰማማዐን መጻምድቲ ናይ ምምራጽ ዕድለን ሰፊሕ እዩ። ባህርን ትሕዝቶን የጽንዓ፡ ምስ ድልየታተን ብምዝማድ የመዛዝና፡ ንመጻኢ ኣብ ዘዋጽኣን ይውስና. . . ኮታ ንናይ መጻኢ መነባብሮኣን መሰረት የንጽፋ። ናጽነታ ዝተሓረማ ጓል ድማ፡ ኣብ ዘይትፈልጦን መጻኢኣ ኣብ ዘወሕሰላን መጻምድቲ ክትወድቕ ዝዓበየ ተኽእሎ ኣለዋ።

እዚ ክበሃል ከሎ፡ ናይ ወሉዲ ማዕዳን ኣተኣላልያን ወሳኒ ኣይኮነን ንምባል ኣይኮነን። ተመኩሮ ሂወት ብዙሕ ስለ ዝምህር፡ ሰንቂ መጻኢ ሂወታ ኣብ ምውዳድ ቀሊል ዘይኮነ ሓገዝ ኣለዎም። እንተ ኾነ ግን፡ ንሳ እውን ከም ኩሉ ሰብ ፍጥርቲ ብምኻና ናይ ምምዝዛን ምምራጽ፡ ምውሳን. . . ዓቕሚ ከም ዘለዋ ተቐቢሎም፡ ክምልኣላ እምበር ባዕላቶም ክሰርሑዋ ክፍትኑ የብሎምን ንምባል ደኣ'ምበር።

ብሓቂ ኣብ ሕብረተሰብና፡ ብዛዕባ መውሰቦ እንክለዓል እቲ "ካብ ገዛኣ ናብ ትምህርታ ወይ ካብ ገዛኣ ናብ ስርሓ. . ." ዝብል ከም ሰናይ ዝውሰድ ባህሪ እዩ ዝቕደም። እዚ ኣካይዳ'ዚ ከም ቅቡል ስለ ዝውሰድ፡ ወሉዲ ደቆም ዘወር ክብላን መሓዛት (ብሕልፊ ደቂ-ተባዕትዮ) ክጥርያን ባህ ኣይብሎምን። እንተ ተረኺቡ፡ ምስ'ቲ ሰቦም ዝበሉዎ፡ ወይ ብኻልእ መምዘኒ ዝሓረዩዋ ሰብ ክጸምዱዋ ይመርጹ። ብኣተሓሳስባኦም ሰናይ ንክኸኑላ ክኸውን ይኽእል። ክንዮ'ቲ ንሳቶም ዝደልዩዎ ሰናይ ዘሎ ገደል ግን ኣይረኣዩዎምን።

ብተፈጥሮ፡ ብጾቕጢ ወይ ብሽኽፍታ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዘይመረጾ ነገር ክነብር ፍጹም ድልየት የብሉን። ዝኾኑት ትኹን ጓል ከኣ፡ ምስ ዘይመረጸቶ ወዲ ክትነብር ክገጽብ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ምርጫኣ ስለ ዘይተኸበረላ ኣብ ስእምሮኣ ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ምርኣይ የድሊ። ምስ ጸቡቕ ገደራ ዘይትፈልጦ ሰብ መርዓ ክትገብር ትኽእል ኢያ። ድልየት ወሉዳ ስለ ዝኾኑ፡ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ኣብ መንነ ክልቲኦም መጻምድቲ ዝሀሉ ናይ ድልየት፡ ኣተሓሳስባ፡ ምርድዳእ፡ ዕላማ. . . ፍልልይ እዩ። ኣብ'ዚ መዳይ፡ እታ ኣብ ገዛ ተዓቢጣ ዝጸንሐት ጓል-ሰብ ("ጓል ገዛ") ኣብ ወጽዓ እያ እትነብር። ከም ኣካል ናይ'ቲ ሓዳር ኩይና ስለ ዘይትዋሳእ፡ ሰብኣይ ብናቱ መንገዲ ናብ ቃሕታኡ ንኽመርሓ ዕድል ትህቦ። ድልየት በዓልቲ-ቤቱ ክርድኣ ኣይክእልን። ሓሳባት ብዓልቲ-ቤቱ ኣይረኽበን፣ ኣብ ሓዳሩ ዘሎ ክፍኦ ወይ ዘፍርሖ ኩነት እንተ ዘይሃልዩ፡ ካልኣት ክጥምትን ኣብ ልዕሊ ኪዳኑ ክዘሙን ተኽእሎ ኣሎ።

ልዕሊ ደረት ዕቡዳንን ብዘይዕላማ ምዝዋንን ሃሳዪ ምኻኑ ንኣምን ኢና። ብኡ መጠን ከኣ፡ ልዕሊ መጠን ቀጻጽርን ማሕዩርን ሓደጋ ከም ዘስዕብ ክንፈልጥ ይግባእ። ስለ'ዚ ደቅና፡ ብሕልፊ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ነማእዘዝን ደኣ'ምበር ከም ሮቦት ብፕሮግራምና ጥራይ ክንመርሖን ግቡእ ኣይኮነን። ደሓር ኣብ'ቲ ምስ ብዙሕ ዓይነት ሰብ ዝራኸቡሉ ሰፊሕ ዓለም ከይሰንብዳን ከይደናገራን።

# ዝኽርታት ቅንያት ናጽነት



**ገርጊስ ፍቓድ**

ንስለ ሓርነትን ናጽነትን ኤርትራ ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ዝተሰዋኢ መስዋእትን ዝተኸፍለ ብዙሕ ዋጋን፡ ብደረጃ ዓለም ካብቶም ብፍሉይነት ዝጥቀሱ መዳርግቲ-ኣልቦ ብርቂ ታሪኽ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን ኣብዚ ሎሚ ክሳብ ዝዕወቱ ዘሎ ርሁው መድረኽ ናጽነት ንክበጽሑ፡ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኖም ብቐዓቶምን ብሉጽነቶምን ኣረጋጊጾም ኢዮም ሓሊፎም።

ሃንቀውታን ትጽቢትን ናጽነት ኤርትራ ንኺዝሕድ፡ ናይ ወለዶታት ቃልስን መስዋእትን ሓቲቱ። ከምቲ ድሕሪ ድቕድቕ ጸልማት ዝሰዕብ ተፈታዊ ብርሃን ወጋሕታ፡ ድሕሪ ከቢድ ስቓይን መከራን ዘሎ ራህዋን ናጽነትን ኣዝዩ ምቁርን ክቡርን ኢዩ። ዳርጋ ኩለን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ዓለም፡ ብዘይዝኾነ ፖለቲካዊ ይኹን ብረታዊ ቃልሲ ከይተፈተና፡ ጊዜኡ ኣኺሉ ተባሂለን ብልዝብ ናጽነተን ኣብ ጠረጴዛ ዚተዓደላ ኪኾና ከለዋ፡ ኤርትራውያን ግን - እዚ ወህብን ባርያውን መሰልን ዕድልን ተነፊጉዎም፡ ንስለ ረብሓ ልዕለ-ሓያላን ተባሂሉ ዓለም ክሒዳቶምን ጠሊማቶምን። ስለዚ ከኣ ንዝተነፍገ መሰሎምን ግቡኦምን ብቕልጽሞም ክፍድዩዎ ስለ ዝተቐሰቡ፡ ከቢድ ተወፋይነትን መስዋእትነትን ኪኸፍሉ ተገዲዶም። ስለዚ እምበኣር ኤርትራውያን ብመሪር ተመኪሮ ቃልሲ ሓሊፎም ብሉጻት ከፈሎም ዝተጎናጸፉዋ ናጽነቶም፡ ሕልፊ ካልኦት ብዓጀባ ክጽምብሉዋን ክስተማቕሩዋን ግቡእ ኢዩ። ቅንያት መጨረሻ ወርሒ ግንቦት 1991፡ ኣብ ኣእምሮ ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ኣጋጣምን፡ ኣገራሚ ፍጻመታትን ተዘክሮታትን ሰሪዳ ኢያ ሓሊፋ።

ኣብ ናይ ዕለት 24 ግንቦት፡ ኣብ ናይ ሎምዘበን ዕለተ ጽምብል ናጽነት፡ ቀሩብ ተኸዙ ንዘረኣኹዎ ተሳታፊ ጽምብል ቀረብ ከዕልሎ ፈቲዐ። ንሱ ጥዑስ ተጋዳላይ ኮይኑ - እድሪስ ሰለማን ሓምድ ኢዩ ዝበሃል። ስለምንታይ ደኣ ተቑዳሲ. ናይዚ ሓገስ ኣብ ክንዲ ምኻኑ ገጽካ ዚጉሃየ ይመስል? ኢለ ምስ ሓተትክዎ፡ "ብናጽነት ዘይሕጎስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኣይኮነ። ብዕለተ ናጽነት እሕጎሰን እጽምብሎን ኢየ። እንተኾነ ግን፡ ዕለተ ናጽነትን በዓሉን ክዝክር ከሎኹ፡ ኣብ ዝኽሪ ኣእምሮይ ዚቕጀል ዘይርሳዕ ምስልታት ኣሎ - ምስሊ ሰውኣት። እቶም ምሳይ ንሜዳ ዝወጹ ክልተ ተኽትንዓሰ ኣዕሩኽተይ፡ ሃዪ ሰዓብ ዝተሰለፈ ክሳብ ደሮ ናጽነት ደሆ ዘነበረና ብዕለት 22 ግንቦት 1991 ዝተሰወአ ምንኣሰይ ሓወይን ዛ ክብርቲ ዕለተ ናጽነት ከርእዩ ኣይበቕዑን። ስለዚ ቅድሚ ኣብቲ ናይ ጽምብል መደብ ምእታወይ ክሳብ መቓብር ሰማእታት ከረን ብምኻድ ንዓኦም ናይ ምዝካር፡ ናይ ኣስተንትኖ መደብ ኣሎኒ። ብዕለት 24 ግንቦት ግን፡ ዓመት መጸ ምስ ብጾትና ክንብ ዘሎናዮ ብዛዕባ ኣብ ከረን እናተኣኻኸብና እንጽምብሎ ደሙቕ ሓበራዊ መደብ ኣሎና።" ብምባል መለሰ። ተዘክሮኡ ብዛዕባ ቅንያት ናጽነት'ውን ብስፊሑ ኣዕለለኒ። ጽማቝ ዕላሉ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ዝነበረት ሓፍተይ ተመንያ ዝሰደደትለይ፡ ናይ'ቲ እዋን ህቡባትን ክቡራትን ካብ ዝነበራ ዓይነታት ሰዓታት ሓንቲ፡ እተወናውን ርቡዕ ከርናዕ ዚቕርጻ ኣውቶማቲክ ሰዓት ሴኮ ፋይፍ (SEIKO-5) ነይራትኒ። እታ ሰዓት ከሎም መዛናይ ብዓይኒ ቅንኢ ዘድንቑዋ፡ በዓል ሴኮ ሓሊፈ እናተበሃልኩ ዝሕበን ኢያ ነይራ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ ምሳይ ነዊሕ ዕምሪ ኣይነበራን። ኣብ ቅንያት በዓል ልደት 1987 ሽቓጢ ጠሊብበዕ ንዝበረ ኣካይ ንክሕግዙ ኣብ ከባቢ ዕዳጋ ጥሪት ከሎኹ ሃንደበት ወተሃደራት ከበቡመና። ብሓፈሻ ንኹሎም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰባት ብፍላይ ከኣ ንመንእሰያት ገፊፎም ብምውሳድ፡ ብምሉኦ ንብረትናን ገንዘብናን ራሰዮምና። ሰዓተይ'ውን ሽዑ ተወረሰት። ነቲ ዝረሰየና ወተሃደር 'ቦኛባ እዚኣ ግደፈለይ! ምስ ተፈታሕኩ ገንዘብ ክወስኸካ ኢየ' ብምባል እናተመጣዓዕኩ፡ ፈቲሸ ከረኽቦ ዘይኽእል ዘነበረ ኣብ ጫፍ ዕጻፍ ናይ ስረይ ቀርቂረያን ዝበርኩ 35 ቅርሺ ሂበዮ።

ንብዓተይ እናውሓዘ ከኣ ደጊመ ኣምረረ ለሚኸዮ። እቲ ወተሃደር ደጊመ ዝርእዮ ዝበርኩ ኣብ ሰሜናዊ ወገን መእተዊ ከረን ኣብ ብሎኮ ሳሕል ናይ ዝነበረት መሳርዕ ሓለዋ ሓላፊ ኮይኑ - ሓሊቃ ዓሰርተ ኣለሙ ተፈራ ኢዩ ዝበሃል። ሓሊቃ ዓሰርተ ኣለሙ ንልመናይ ዘሰምዕ እዝንን ዘርህርህ ልብን ኣይነበሮን። ንሱን ንዖኡ ዚመስሉ መኻይድቱ ብጾቱን ኣብቲ መንገዲ ከተርኦ ገንዘብን ንብረትን ምውሳድ፡ ደቂ ኣንስትዮ ምፅማጽ፡ ዓንብ በዚሊ ዘይብሉ ልሙድ ተግባራቶም'ዩ ዝበረ። ዘይመኻኑዋ ሰዓተይ ምምንጣልን ዘይጽወር ተግባራት ዓመጻን፡ ናይ በዓል ኣለሙ ስለ ዘኮሕኮሓንን ዘሓረሃንን፡ ምስ መተዓብይተይን ደቂ ገዛውተይን ብምኻን ኣብ መፋርቕ 1987 ንገድሊ ንሜዳ ወጺኣ። ድሕሪ ታዕሊም ብቐጥታ ኣብ ሓይልታት ተወዘዐ ኣብ ብዙሕ ዓውደ-ውግኣት ተሳቲፈ፣ ሓንሳብ'ውን ብከቢድ ተወጊአ ሳላ ምዑታት ሓካይምና ካብ ነሪ ሰንከልናን ሞትን ድሒነ ኢየ ናጽነት ክርኢ በቒዐ።

ብዛዕባ ናጽነት ዝነበረኒ ባህግን ራእይን ዝተሓናፈጸ ኢዩ ነይሩ። ኣብ መንጎ ሓርነትን ናጽነትን ዘሎ ፍልልይ'ውን እርድኣኒ ኣይነበረን። ጸላኢ ካብ ኩለን ከተማታትናን ሃገርናን ተጣዪሩ ጠቕሊሉ እንተወጺኡ - ኣኸለ! ናጽነት ኮይኑ'ዩ ማለት'ዩ ዚብል ዕሸላዊ መረዳእታ ነይሩኒ። ናይ መብዝሕትኦም መዛኖይ መረዳእታ'ውን ተመሳሳሊ ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ መላእ ሓርነት ሃገር፡ ናብ መላእ ናጽነት ሃገር ክንሰጋገር ዝተወሰኸ ክልተ ዓመታት - መስርሕ ሪፈረንደምን ወግዓዊ ኣህጉራዊ ምእዋጅ ሃገርን፡ ድሒሩ ኢዩ ተረዲኡኒ - ምስ ረኣኽዎ። ሓርነት፡ ናጽነት ዘበሃል ልክዕ ከም ናይ 1977 ምሕራር ከተማታት ጥራይ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ።

ኣብ 1988 ዓ.ም ድሕሪ ምፍራስ እዚ ናደው፡ ንከተማ ከረን ንምሓዝ ኣብ ዝተጉብረ ፈተነ፡ ኣሃዱና ብሰሜናዊ ሸነኽ ከረን ኣትያ ነይራ። እቲ ሰዓተይ ዘሰኣንኩሉ ከባቢ፡ ንቦታታት ሓለዋ በዓል ኣለሙ ብሩብ ደዓሪ ሰሊኾና ብምእታው ሓሊፍናዮ ነይርና። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ እቲ ስርሒት ብዘይምዕዋቱ ኣዝልቑ ስለዝተበሃልና ዕሪ እናጠዐምና ካብቲ ወሸጢ ከተማ ኣቲናዮ ዝበርና ንከረን ተሳሊምናያ ወጺእና። ጸላኢ ንምሉእ ጋሽ-ባርካ ጌዲፉ ንከረን ገጹ ምዝላቑን ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ድሕሪ ምሕራራን፡ እቲ ሃንቀውታ ናጽነት ናብ ክውንነት እናቐረበ ስለዝመጸ 'ነታ ኣብ ቀረባ መጺኣ፤ ጸባሕ-ድሕሪ ጸባሕ እትዝሕድ ናጽነት፡ ብዓይነይ እርእያዶ እኸውን' እናበልኩ እጠራጠር ነይረ። ካብቶም ክልተ ምሳይ ዝወጹ መጋድልተይ እቲ ሓደ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ተሰዊኡ ምንባሩ፡ ኣጋጣሚ ኣብ ሕክምና ግንባር ካብ ዘዕለሉ ዘነበሩ ንዓይ ዘይፈልጡኒ ደቂ ኣሃዱኡ ብጾት ሰሚዐ ነይረ። ብዛዕባ'ቲ ሳልሳይና ግን ደሃይ ኣይነበረንን።

ከም ትጽቢትናን ሃንቀውታናን ምሉእ ሓርነት ሃገር ተጋሂዱ፡ በጠዘኣቶናዮ ኻብ ሰድራ'ኻ ናይ ምብጻሕ ዕድላት ስለ ዝነበረ፡ ድሕሪ ሳልስቲ ኢየ ንከረን ናብ ሰድራይ በጺሐ። ከሎም ኣብ ከረንን ከባብኣን ዝነበሩ ወተሃደራት ደርግ፡ ምስቶም ካብ ከቢሳ ዚመጽኡዎም ተጠርኒፎም ተኸብቢቦም ንሱዳን ገጾም ኣያዎም ኣንቀልቀሎም። ሓሊቃ ዓሰርተ ኣለሙ ግን፡ ከምቲ ቀጻሊ ዚገብሮ ገለ ብርክት ዘበለ ገንዘብ እንተዘመጊቱ ምስ'ቲ ናይ ቀረባ ሓላፊኡ ብምርድዳእ ንስሙን ወይ ሳልስቲ ኣብ ፈንጠዝያ መስተን ኣመንዝራታትን ይቐኒ። ሃገር ሓራ ኣብ ዝኾነትሉ ኣጋጣሚ ከኣ ኸኡ ኣብ ሰኽራንን ዕቡዳንን ኢዩ ነይሩ። ኣብ እንዳ ሓንቲ ወሸማኡ እናተሓብአ እንከሎ፡ ከይፈለጠ ብጾቱ ሓዲጎሞ ከይዶም። ኣነን ገለ ኣብቲ ከባቢ ገዛውትና ሰድራኦም ከበጽሑ ዝመጹ ተጋደልትን፡ ኣብቲ ስግራ ዘተኣታትን ቦታታት ኣመንዝራታትን ተሓቢኦም ዝተረፉ ኣምሓሩ ኣለዉ'ሞ ሓዚምም ተባሂልና ተመሪሕና ምስ ከድና፡ እታ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዝተመንጠለት ሰዓተይ ኣብ ኢዱ ዝወደየ ብፍርሒ ዘንፈጥፍጥ ዘረዓደ ወተሃደር ኣለሙ፡ ምስ ሓደ ብጻዩ ጸኒሑና። ንሱ ፈጺሙ ኣያላለየንን። ኣነ ግን ብኣንጻር'ቲ ናይ ሽዑ ምጅጃዉ፡ እቲ ሕሉፍ ጭካኑ ስለ ዝተራእየኒ፡ ቁሊጭ ኢሉኒ ብሕርቃን ኣካለተይ እናኣንቀጥቀጠ፡ ካብቲ ቦታ ኸሊ ብምውሳድ ክቐንጽሎ ተደናዲነ። ባህልን ሕግን ህዝባዊ ግንባር ግዳ ከምኡ ዘፍቅድ ኣይነበረን።

ይትረፍዶ ኣብ መንጎ ኣመንዝራታት ተዓቒቡ ዝጸንሐ ወተሃደር፡ ኣብ ርሱን ዓውደ-ኲናት ዝተማረኸ'ውን ብሓልዮት ብግቡእ ኢዩ ዚተሓዝ። ስለዚ ከኣ ንኣለሙን ብጻዩን ሒዝና ናብቶም ዘምልኽዎም ከሬንቦም እንክሎና፡ ኣቐዲመ መንጠለዮ ሰዓተይ ተረኪበ ነይረ። ብምስክርነት ናይ ኣለሙን ንሕና ብዙሓብርናዮምን ከኒታተይ ዘፈለጡ ኑቶም ምሩኻት ዚተረኸቡ ብጾት ከኣ ነታ ሰዓተይ ከማእከላ ካብ ምሕታት ሸለል ኢሎሙኒ። ስለዚ ቀጻሊ ቅንያት ናጽነት ክዝክር ከሎኹ፡ እታ ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ምርኮ ዳግማይ ዘረኸብኩዋ ሰዓተይን መውጻእታኡ ብውርደት ዝተዛዘመ ዓማጺ ወተሃደር ኣለሙን ትዝ ይብሉኒ።

# በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ

**መሓሪ በላይ**
**ወ/ኣ/ዜ/ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ**

ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት፡ ምምሕዳር ከባቢታትን ዓድታትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ መበል 28 ዓመት ጽምብል ናጽነት - "ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ እዩ ተጸምቢሉ።

ብኢጋእ፡ ከተማታት፡ ሓውሲ ከተማታት፡ ማእከል ምምሕዳር ከባቢታት፡ ብፀንዴራታትን ጭሮሖታትን ወቒቡ ቀንዩ። ህዝቢ ብምምሕዳራት ከባቢኡ ተወዲቡ - ሓበራዊ ዳሶት ተኸሉ ተዘናጊዑን ኣጋይሹ ተቐቢሉን።



ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ዝነብር ህዝቢ'ቲ ዞባ፡ ኩሉ'ቲ ብዓቕሙ ክንብሮ ዝኽእል ምድላዋት ብምግባር፡ ንሓድነቱ ማእከል ዝገበረ ጽምብል ኣሕሊፉ።

ብምምሕዳር ከባቢታት እንዳረሚን ወቒሮን ብ17 ግንቦት ዝጀመረ ኮማዊ ዳሳት፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ንሓድሕዱ ብዘይሰናኽፍ ባህላዊ ጸወታታትን ካልእ መሰናድኣታትን ወቒቡ። ኣብ ርሑቕ ገጠራት፡ ኣደኻኽሩና ቁሸት፡ ውድድራት ኣግማል፡ ጉታ ገመድ፡ ዝተፈላለየ ትልሂታት. . . ግሩም ትርኢት ነይሩ።

ንኡሳን ዞባታት ገልዓሎን ፎሮን ንብዘራት ትግራ፡ ዓፈርን ሳሆን ዝሓቑፈ ብምኻኑ፡ ንመቦቦር ሰለስቲኡ ብሄራት ዝገልጽ፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ ዘርኢ - ብተመሃሮ ዝቐረበ ኤግዚብሽን፡ ኣሸሓት ህዝቢ በጺሑዎ። ንንጥፈታት ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕናን ትምህርትን ዝምልከት ገላጺ ጽሑፋትን ስእላዊ ምርኢታትን እውን ቀሪቡ።

ከተማ ባጽዕ ብዞባ ደረጃ ኣኣንጋዲት ብምኻና፡ ሕልፊ ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ዝያዳ ምድላዋት እያ ኣካዪዳ። ካብ ኣፍ-ደገ መእተዊ ባጽዕ ክሳብ'ቲ ኣፍ-ደገ ወደብ ዝኣቱ ጎደናታት ብሕብራዊ መብራህትን ባንዴራታትን ደሚቑ ቀንዩ። ኣብ'ቲ ወግዓዊ ጽምብል፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብ/ ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ መጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ፡ ካልኦት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ወከልቲ ባይቶን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ብኣሽሓት ዝቘጸር ህዝቢ ከተማ ባጽዕን ተሳቲፎም።

ብ22 ግንቦት፡ ሰማያት ከተማ ባጽዕ ንክብሪ'ቲ ዕለት እንኮመስል - ሰማለት ጊዩሩ ድሕሪ ምውዓል፡ ኪፍኪፍታ ጊዩሩ፣ እቲ ዳህሪ ጊዩሩ ዝወዓለ ኩነታት ኣየር ደማ ዝሉል ንፋስ መለሰ። ልክዕ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ምስ ኮነ ኣስታት ዕስራ ኣፍሪዩቲ ትካላት፡ ሚኒስትሪታት፡ ማሕበራት፡ ብምምሕዳር ከባቢታት ዝተወደበ ሰልፊ ህዝብን ተማሃሮን ዝተሳተፎ ዕመር ሰላማዊ ሰልፊ ተኻዪዱ።

ብተወሳኺ፡ ምምሕዳር ከባቢታት ብዘበርክቶ ጻዕርን ዘቕረብኦ ትሕዝቶን፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ክረክብ ንዝሰገሮ መስገደል፡ ተራ ህዝቢ ኣብ ምዕቃብን ምሕብሓብን ተጋደልቲ፡ ንመዓልታዊ መቦቦሮን ውዕሎን ሰራዊት ሓርነት ዝገልጽ መሳጢ ምርኢት ቀሪቡ። ኣብቲ ብወተሃደራዊ ሰልፊ ህዝባዊ ሰራዊትን ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራን ሓይሊ ኣየርን ዝማዕረገ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፋሃ፡ ከምቲ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ዝሕብሮ "ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት" ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ጸኒዑ ብጻዕርን ሓበራዊ መንፈስን ንልምዓት ከበጽሑን ሃገሩን ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣደ-መንበር ኮሚቴ በዓላት ናይቲ ዞባ ወ/ሮ ዜኑብ ዑመር እውን፡ ናይ ሎምዘመን መዓልቲ ናጽነትና፡ ኣብ ሓድሽ መድረኽ ሰላምን ፍቕርን ኮይኑ ብምህላውና ፍሉይነት ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ተሳሃይትን ደብልትን ምምሕዳር ከባቢታት ከተማ ባጽዕ ብወገኖም፡ ያታዊ ኣልባሳትን ዕጥቅን ሒዞም፡ ንተወፋይነት፡ ጅግንነት፡ ጻዕርን ተበላሓነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ መሰናድኦ ኣቕሪቦም።

# ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ግድል ስትሪምኮ

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

እዚ ጸወታ ወይ ግድል “ስትሪምኮ” ይብሃል። ንሰዶኩ ዝመስል ጸወታ እዩ። እዚ ብግራባርቻክ ዝተባህሉ ስድራ ዝተማህዘ ኰይኑ፡ ኣብ ክልሰ-ሓሳባት ትርብዒት - ናይ ላቲን ፈላጥ ስነ-ቍጽሪ ሊዮናርዶ ኢለር (18 ክፍለ-ዘመን) ዝተሞርኰሰ እዩ።

ኣገባብ ኣጸዋውታኡ፥ ኣብዛ ትርእዩዋ ሰደቓ፡ 7ተ ብ7ተ ዝተሰርዓ ዓንኬላት ኣለዋ። እዘን ዓንኬላ ቍጽሪታት እየን ዝሕዛ። ካብ 1 ክሳብ 7 ድማ ይምልኣ። ካብ 1 ክሳብ 7 ዘለዉ ቍጽሪታት ንትኹልን ንጋድምን ልክዕ ከም ሰዱኮ ክድገሙ የብሎምን። ኣብቶም ብመስመር ተራኺቦም ዘለዉ ዓንኬላት’ውን ክድገም የብሉን።

(መልሲ፡ ካብ 1 ክሳብ 7 ዘለው ቍጽሪታት ንትኹል፡ ንጋድምን ብሕንጻጽ ተታሒዞምን ኣብ ዝርከቡ ዓንኬላት ክድገሙ የብሎምን።)




## እንግሊዝኛ — Common mistakes

ምስ እንግሊዝኛ ዝተሓሓዙ ትምህርታዊ ትሕዝቶታት

### THE USE OF WRONG TENSE

1. Using the past tense after “did” instead of the infinitive without “to.”

(a) To ask questions:

Don’t say: Did you went to school yesterday?

Say: Did you go to school yesterday?

(b) To make negations:

Don’t say: I did not went to school yesterday.

Say: I did not go to school yesterday.

After the auxiliary “did” the present infinitive without “to” must be used, an not the past tense of the indicative.

NOTE. The answers to a question beginning with “Did” is always in the past tense: as, “Did you see the picture?” – “Yes, I did.”

2. Using the third person singular after “does” instead of the infinitive without “to.”

(a) To ask questions:

Don’t say: Does the gardener waters the flowers?

Say: Does the gardener water the flowers?

(b) To make negations:

Don’t say: The man does not waters the flowers.

Say: The man does not water the flowers.

After the auxiliary “does” the present infinitive without “to” must be used, and not the third person of the present indicative.

NOTE. The answer to a question beginning with “Does” is always in the present tense, third person: as, “Does he like the cinema?” – “Yes, he likes the cinema”; or “Yes, he does.”

***

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH

# ካብ ታሪኽና

- ሃገርና መዓስ’ያ “ኤርትራ” እተባህለት?
- ኢጣልያውያን ስለምንታይ ናብ ኤርትራ ብቐሊሉ ክኣትዉ ክኢሎም?
- ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስ ኤርትራ ምትእስሳሩ እንታይ’ዩ?
- ኤውሮጳውያን ንኣፍሪቃ መዓስ’የም ዝፈለጡዋ?
- ንኢጣልያ “ኣይትቕሰን” ዝበሉዎ ሓርበኛታት ኣቦታት መነመን’የም?

ካብ 15 ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ኣገዳስነት ኣፍሪቃ እናዓዘዘ እዩ ዝመጽእ ዝነበረ። ግሪኻውያንን ሩማንያውያንን ካብ ቅድም ኣትሒዞም ንሰሜናዊ ገማግም ኣፍሪቃ ይፈልጡዎ ነበሩ። ኤውሮጳውያን ቅድሚ 15 ክፍለ-ዘመን ናይ ዳህሳስ ዓቕሞም ድሩት’ዩ ዝነበረ። ካብቲ ብስልጣኑ ዓብዩ ርሑቕ ክገዓዝሉ ዝጀመሩሉ ዘመናት ኣትሒዞም፡ ንኣፍሪቃ ክፍትሹ ጀመሩ። ኣብ መጀመርታ ብንግስነት ዓረብን ምድረበዳ ሰሃራን ይብድሁ ብምንባሮም ኣይሰገሙን። ኣብ 7ይ ዘመን ብዙሓት ዓረባውያን ዳህሰስቲ ናብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ግዜ ተመላሊሶም። ንምዕራብ ኣፍሪቃ “ሃብታም ዞባ” እናበሉ ከዕልሉ፡ ዝሰምዓ ፖርቱጋልን ስፓኛን ኣብዚ ዞባ ተገዳስነት ኣሕደራ። ብልዑል ሄንሪ ናይ ፖርቱጋል ዝምራሕ ኤውሮጳዊ ሓይሊ፡ ንግስነት ዓረብ ብምድፋእ ናብ ገማግም ጊኒ ኣተወ። ካብዚ ዘመን’ዚ ንደሓር ኤውጳውያን ናብ ኣፍሪቃ ደፊሮም ብምምጻእ ንሰሜን፡ ምዕራብ፡ ምብራቕን ማእከልን ኣፍሪቃ ክድህስሱዎ ጀመሩ።

ኤውሮጳውያን ሃገራት ንመሬት ኣፍሪቃ ብእተፈላለየ ኣገባብ እናወረራ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽረን ከእትወኦ ተራእየ። ብፍላይ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ንኣፍሪቃ መቓቒለን ተማሲሐናኣ ነበራ። ኢጣልያ ናብ ምስሒት ደንጉያ’ያ ዝተጸንበረት። ኢጣልያ ክሳዕ 1870 እተመቓቐላ በበይነን ሃገራት’ምበር ስምርቲ ሓንቲ ሃገር ኣይነበረትን። ካብ 1870 ክሳዕ 1885 ግን ኣብ ኣፍሪቃ ክትገዝእ ብዙሕ ተደረኸት። ካብቶም ቀንዲ ምኽንያታት ከኣ ሃገራዊ ክብረትን ቍጠባን ነበሩ። ምምቕቓል ኣፍሪቃ ክጅምር እንከሎ ቀዳመይቲ ተወዳዳሪት ኰነት።

ኣብ መጀመርታ 1890 ሓደ ጁሰፐ ሳፔቶ እተባህለ ኢጣልያዊ ሚስዮናዊ፡ ብስም ሩባቲኖ እተባህለ ትካል፡ ኣብ ዓሰብ ከም ወደብ ዝጥቀመሉ ንእሽተይ መሬት ገዝአ። ነዚ መሬት ዝሸጠ ናይ ሸዑ ሱልጣን ኣቢን ኣሕመድ’ዩ ዝነበረ። ኢጣልያ ንዓሰብ፡ ድሕሪ 13 ዓመት (ብ1882)፡ ብወግዒ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽራ ኣእተወታ። ብ25 ጥሪ 1885 ንበይሉል፣ ድሕሪ ወርሒ፡ 5 ለካቲት 1885 ንግብጺ ሰጉጓ ንባጽዕ ሓዘታ። ኣብዚ መሰርሕ ብርጣንያ ንኢጣልያ ሓገዘታ። ምኽንያቱ ፈረንሳ ቀዲማ ክትሕዞ ድልየት ስለዘይነበራ። (መወከሲ - HISTORY FOR GRADE 9)

ኢጣልያ ድሕሪ ባጽዕ ምሓዛ ናብ ከበሳታት ኤርትራ ኣበለት። ዘይከም እቶም ዝቐደሙ ወረርቲ ብዙሕ ተቓውሞ ከይገጠማ ድማ ከበሳ ደየበት። ኢጣልያ ስለ እተፈትወት ዘይኰነ፡ ካልእ ምኽንያት’ዩ ዝነበረ። ኣብቲ ግዜ’ቲ ዝነበረ ፖለቲካዊን ቍጠባዊን ኲነታት ምቹእ ባይታ ፈጠረ። ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 19 ዘመን ብቐጻሊን ተደጋጋሚን ወራራትን ራሲያታትን ተዳኺሙን ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ተጸንቂቑን ነበረ። ኣብ ርእሲኡ፡ ብ1888 ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብርቱዕ ደርቂን ጥምየትን ተኸሲቱ ነበረ። ከም ክፋል ናይዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብብርቱዕ ጥሜት ተጠቂዑ ነበረ። ስለዚ እዚ ክልተኡ ረቛሒታት፡ ኢጣልያ ዘይከም ካልኦት መግዛእታውያን ሓይሊታት ዝገጠሞ ብድሆ ቀሊል እዩ ዝነበረ።

ኢጣልያውያን ንባጽዕ ምስ ሓዙ፡ ብ1987 ኣብ ሰሓጢን ዊዓን መዓስከራት ተኸሉ። መራሕቲ ህዝብታት ኤርትራ ድማ ብዓጸቦን ጥሜትን ተሃስዮም ነበሩ። ከም ከንቲባይ ሓምድ ናይ ሳሕል፣ ካብ መሳፍንቲ ትግራይ ሃዲሞም ኣብ ሳሕል ተዓቚቦም ዝነበሩ ደግያት ካፍል ብዓል ደንበላስ፣ ደግያት ባህታ ሓጐስ ንምምጻእ ኢጣልያ ካብ እተቐበሉ ቀዳሞት መራሕቲ እዮም። እዞም ብወራራትን ራሲያን መሳፍንቲ ትግራይ ዝረብረቡ፡ ብጥሜትን ዓጸቦን እተሃሰዩ መራሕቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸግዒ ንምርካብ ምስ ጥልያን ክተሓባበሩ መረጹ። ኢጣልያ ኩተስፋሕፍሕ ምስ ጀመረት ተጻብኦ ክገጥማ ጀሚሩ። መሳፍንቲ ትግራይ ብፍላይ ሃጼ ዮውሃንስ ካብ ኤርትራ ረብሓ ስለ ዝነበሮ፡ ኢጣልያ ኸኣ ኣብዚ ረብሓ ጽልዋ ክትገብር ስለ ዝጀመረት፡ ክልተኦም ሓይሊታት ኣብ ረጽሚ ክኣትዉ ግድን ነበረ። ራእሲ ኣሉላን ሃጼ ዮውሃንስን ክሳዕ እቲ ኣንጻር ምስፍሕፋሕ ማህዳውያን ብምባል ኣንፈቶም ዝቐየሩሉ ግዜ ምስ ኢጣልያ ተዋጊኦም ነበሩ። ሃጼ ዮውሃንስን ራእሲ ኣሉላን ምስ ማህዳውያን ንኽዋግኡ ምስ ተኣልዩ፡ ኢጣልያ ናይ ምስፍሕፋሕ ጉዕዞኣ ክትቅጽል ጽቡቕ ዕድል ነበራ። ንከረን ኣስመራን ከኣ ብ1889 ተቘጻጺረተን፣ ኪንዮኡ ሓሊፉ ክሳብ መረብ ሓዘቶ። ብ1 ጥሪ 1890 ከኣ ነዚ ሓድሽ ግዝኣት “ኤርትራ” ክትብል ሰመየቶ።

ሃጼ ዮውሃንስ ብማህዳውያን ምስ ተቐትለ፡ ሃጼ ምኒሊክ’ዩ ዝተክኦ። ሃጼ ምኒሊክ ናይ ሸዋ ንህዝቢታት ኦሮሞ፡ ጉራጌ፡ ዓፈር፡ ሶማልን ወላሞን ብምውራር ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ኣእተወ። ስለዚ ኤርትራ ብመግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኢትዮጵያ ድማ ብወራር ሃጼ ምኒሊክ ከም ሃገራት ዳርጋ ኣብ ሓደ እዋን እየን ቈይመን።

ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኩተስፋሕፍሕ እንከላ ብዙሕ ተቓውሞ ኣይገጠማን። እዚ ሰለማዊ ዝመስል ኣቀባብላ ስለ ዘየቕሰና፡ “ውዒሉ ሓዲሩ ተቓውሞታት ክገጥመኒ’ዩ፡” ኢላ ሓሰበት። እሞ ን800 ሹመኛታትን ሰዓብቶምን ካብ 1889 ክሳዕ 1890 ቀተለት። ብዙሓት ከኣ ኣብ ዓሰብን ናኹራን ተኣሰሩ። መጀመርታ ንሰቡሕ መሬት ኤርትራ ሃገረት። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ንኢጣልያውያን ሓረስቶት ዝኸውን ሰፈራታት ኣቘመት። ኣብ ኢጣልያ ሸቕለት ኣልቦነት ስለ ዝነበረ፡ ብዙሓት በርጌስ ኢጣልያውያን ናብ ኣመሪካ ይስደዱ ነበሩ። ካብዚ ጸቕጢ ንምውጻእ ኸኣ ናብ ኤርትራ ሲቪል ኢጣልያውያን መጽኡ። ካብ 1896 ክሳዕ 1930ታት ኢጣልያ ቍጽሪ ዓስከራታ ኣበርኪታ፡ ንወራር ዝኸውን ሰፊሕ ምድላዋት ኣካየደት። ብዘይካኡ ኸኣ ኢንዱስትሪያዊ፡ ንግዳዊን ቍጠባዊ ትካላትን ተኸለት። ነዚ ንምትግባር ምእንቲ ክሕግዛ ኸኣ መገዲ ባቡር፡ ጽርግያ፡ ተለፈሪክ፡ መራኽቢታት፡ ወደባት፡ ትምህርቲ፡ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪታትን ንግዲን ኣማዕበለትን ተኸለትን።

ቅድሚ እዚ ብኢጣልያ እተገብረ ለውጢ፡ ህዝቢ ኤርትራ፥ ውሑዳት ብንግዲ ዝናበሩ ገዲፍካ፡ ዳርጋ ኩሉ ብልምዳዊ ማሕረስ’ዩ ህይወቱ ዝመርሕ ዝነበረ። ድሕሪ መግዛእቲ ኢጣልያ ግን ኣገደስቲ ቍጠባዊን ማሕበራዊን ለውጢታት ተራእየ። ቅድሚ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ብዘይካ ምጽዋዕ ካልእ ከተማ ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ 50 ዓመታት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ከተማታት ኣስመራ፥ ከረን፡ ዓሰብ፡ ኣቑርደት፣ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፥ ተሰነይ፡ … ዝኣመሰላ ከተማታት ተሃኒጸን። ኣብ ኤርትራ እግሩ ካብ ዘንብር ኣትሒዙ ኤርትራውያን መንእሰያት ዘዕስክር ዝነበረ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ሊብያ፡ ሶማልን ኢትዮጵያን ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ውግኣት የኽትቶም ነበረ።

ኣመጻጽኣ ኢጣልያ ናብ ኤርትራ ምስ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ምዕባለታት ዝተኣሳሰር’ዩ። መወዳእታ ሩፃኡ ጠቕሊሉ ክኸይድ እንከሎ’ውን ብቐንዱ ምስ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ምዕባለታት ዝተሓሓዝ እዩ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ብ1939 ምስ ተላዕለ፡ መራሒ ኢጣልያ ዝነበረ ቤኒቶ ሙሶሊኒ ኣንፈት እቲ ኲናት ናበይ ምዃኑ ከየረጋገጸ ኢዱ ክሕውስ ኣይመረጸን። ጀርመናውያን ኣብ ልዕሊ ፈረንሳ ድሕሪ ምዕዋቶም፡ ‘ናይ መወዳእታ ዓወት ናይ ጀርመናውያን’ዩ፡’ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፡ ብ1940 ናብዚ ኲናት ኢዱ ሓወሰ። ኣብቲ ጀርመንን ጃፓንን ዝነበርኦ ሓይሊታት ኣክሲስ ብምጽንባር፡ ኣንጻር እንግሊዝን ፈረንሳን (ድሒረን ኣመሪካን ሶቭየት ሕብረትን እተሓወሳ) ሓይሊታት ኪዳን ብ10 ሰነ ኲናት ኣወጀ። እቲ ኲናት ካብ ኤውሮጳ ናብ ኣፍሪቃ ሰገረ። ኤርትራ ኣብ እትርከቦ ምብራቕ ኣፍሪቃ ንኢጣልያ ምእላያ ንሓይሊታት ኪዳን ኣገዳሲ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ መንጎ እንግሊዝን ኢጣልያን ኣብ ከሰላ ኲናት ጀመረ። እንግሊዝ ስለ ዝሓየለ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምዕራብ ኤርትራ ተቘጻጸሮ። ኢጣልያ ኣብ ጥንቁልሓስ ዓራዱ፡ ን12 መዓልታት ተዋግአ። እዚ ውግእ ብዓወት እንግሊዝ ክውዳእ እንከሎ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ካብ እተኻየዱ ውግኣት እቲ ዝኸበደ ነበረ። መኸተምታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተባሂሉ’ውን ይንገር። እንግሊዝ ድሕሪ ንከረን ምቍጽጻሩ፡ ብ1 ሚያዝያ 1941 ንኣስመራ ሓዛ። በዚ ኸኣ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣኽተመ።

ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓትሉ ብዙሕ ተቓውሞታት ይገጥማ ነበረ። ዘማት ወድ እኩድ፡ ደግያት ካፍል፡ ዓሊ መሓመድ ዑስማን ቡሪ (ሰባር ናኹራ)፡ ደግያት ኣበራ ሃይሉ (ብሃጼ ምኒሊክ “ካብ ሸሕ ኣምሓራ፡ ሓደ ወደ ኣበራ” እተበሃለሉ)፡ ደግያት መሓራይ (ሰባር ናኹራ)፡ ከንቲባይ ሓምድ፡ ደግያት ባህታ ሓጐስ፡ ኣቡበከር ኣሕመድ መሓመድ ኑሪን፡ ሱልጣን ያሲን ሓይሰማን ካልኦትን ንኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ቐሲኑ ክነብር ከም ዘይክእል ዘረጋገጹሉ ተቓለስቲ እዮም ዝነበሩ።

(መወከሲ - ታሪኽ ኤርትራ፣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት)

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“መሬት ንኹሉ ሰብ ዘድልዮ ዘበለ ክትቀርብ ትኽእል’ያ፣ ንኹሉ ስስዐ ናይ ሰብ ግን ክትቀርብ ኣይትኽእል’ያ።”

- ማህተማ ጋንዲ

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ - ቢንያም ኣለም

## ሰ/ቀ/ባሕሪ















# ስፖርት

ተስፋኣለም ገ/ዮሃንስ (ኩባ)



## ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ንኦሊምፒካዊ ኣትሌት ሻኖን ወልዳይ ሸሊሙ

ኣብ ኤርትራ ዕድት ዝፍጽም ዘሎ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ምንሽርታት በረድ (Ski) ኤርትራዊ ካናዳዊ ሻኖን ወልዳይ ኣቡዱ፡ ኣብቲ ዓውዲ ስሙን ስም ሃገሩን ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ውድድር ኦሎምፒክ ሓጋይ 2018 ( Winter Olympic Games- 2018) ኣብ ምጽዋዕ ንዘዘበሮ ጻዕርን ኣበርክቶን ኣፍልጦ ዝሁብ ሽልማት ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ተበርኪቱሉ፡፡

ኣብቲ ብቐዳም 25 ግንቦት 2019 ዝተኻየደን ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራን ፕረዚደንትታት ሃገራውያን ፈደረሽናት ስፖርት ኤርትራን ዝተረኽቡሉ ኢጋጣሚ፡ ዋና-ጸሓፊ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዶ/ር ኣሚነ ተኽላይ ንድሕረ-ባይታን ገዕዞ ዓወትን'ቲ ኣትሌት ከምኡ'ውን ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ብመንገዲ ሱታፌ እቲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ብሕዳር 2018 ካብ ኣህጉራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ( I.O.C ) ዝረኸቦ ሽልማት 'Breakthrough Award' ዝምልከት ሓጺር መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ ብሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዝተዳለወሉ ወረቐት ምስክር ኣፍልጦን ናይ ታርጌታን ሽልማት ካብ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ተቐቢሉ፡፡ ኣምባሳደር ዘመደ ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ እቲ ኣትሌት ብጻዕሩን ምትብባዕ ወለዱን ኣብቲ ዓውዲ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ንሃገር ዘሐበን ምዃኑ ገሊጹ፡፡

ኣትሌት ሻኖን ብወገኡ፡ ምትብባዕ ኣካላት ስፖርት ኤርትራ ብሓፈሻ ኮሚቴ ኦሎሚክ ኤርትራ ድማ ብፍላይ ኑቲ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ክዉን ክኸውን ልዑል ተራ ከምዘበርከተ ብምጥቃስ፡ እቲ ዓውዲ ናብ ካልኦት ተካእቲ ደቂ ሃገሩ ንምስግጋሩ ብዘለዓለ ከምዝሰርሓሉ ኣብቲ ኢጋጣሚ ገሊጹ፡፡ ኣብ መዛዘሚ'ቲ መደብ፡ እቲ ኣትሌት ኣብ መኽፈቲ ውድድር ኦሎምፒክ ሓጋይ 2018 ባንዴራ ሃገሩ ሒዙ ንስታድዩም እናኣተወ ዘርኢ. ፍሬም ስእሊ ንኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብህያብ ኣበርኪቱሉ፡፡

## ዞባዊ ሊግ - ደቡብ ኣብ ዓዲ'ኳላ ተኻዪዱ

ብሰንበት 26 ግንቦት ኣሸሓት ተዓዘብቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ መንጎ ዓዲ-ኳላን ደቀምሓረን ግጥም ኩዕሶ እግሪ ዞባዊ ሊግ ብውዕውዕ መንፈስ ተኻዪዱ፡፡ ፈለማ ዓዲ'ኳላ መጥቃዕቲታት ኣካየደት፡፡ እንተኾነ ጋንታ ደቀምሓረ ነቲ ግጥም ክትቆጻጸሮ ግዜ ኣይወሰደላን፡፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ማብል 25 ደቒቕ ቀዳመይቲ ሹቶ ካብ ወልዱ ረኸበት፡፡ እቲ ግጥም በዚ ውጽኢት ናብ ዕረፍቲ ኣምረሐ፡፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ጋንታ ደቀምሓረ ተወሰኽቲ ሹቶታት ካብ ቴድሮስን ኣሮንን ብምምዝጋብ ነቲ ጸወታ ዓብለለቶ፡፡ ዓዲ'ኳላ ኣብ ማብል 77 ደቒቕ ብመሓመድ ሹቶ ብምርካብ፡ እቲ ግጥም ደቀምሓረ 3 - ዓዲ'ኳላ 1 ብዝኾነ ውጽኢት ተዛዚሙ፡፡

## "ፈርሚኖ ክስለፍ እዩ" ክሎፕ






ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል የርገን ክሎፕ፡ ኣጥቃዓዩ ሮበርቶ ፈርሚኖ ንጸወታ ድሉው ምዃኑ ኣፍሊጡ፡፡ ዝመጽእ ቀዳም ባሕቲ ሰ 2019 ሊቨርፑል ኣንጻር ቶተንሃም መዛዘሚ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክካየዳ ምዃኑ ይፍለጥ፡፡ ብራዚላዊ ፈርሚኖ ድሕሪ'ቲ ብሓደ ግንቦት ኣንጻር ባርሰሎና ዝተኻየደ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ ብዘጋጠሞ ናይ ጭዋዳ ምጭብባጥ መጉዳእቲ፡ ብሞገዚያ ሊቨርፑል ክስለፍ ኣይጸንሐን፡፡ ፈርሚኖ ጋንታኡ ሊቨርፑል ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ስጳኛ ኣብ ዘካየደቶ ልምምዳት ምሉእ ስራሕ ከም ዘካየደ ተፈሊጡ፡፡ ነዚ ሰዒቡ ከኣ ትማሊ ሰሉስ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል የርገን ክሎፕ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ እቲ ንወርሒ መመላእታ ክሳቕ ዝጸንሐ ወዲ 27 ዓመት ፈርሚኖ ኣብ ስታድዩም ዋንዳ ሜትሮፖሊታኖ (ናይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ስታድዩም) ኣብ ዝካየድ ግጥም ክስለፍ ምዃኑ ሓቢሩ፡፡ "ፈርሚኖ ዝሓለፈ ሰሙን ግቡእ ልምምድ ኣካይዱ እዩ፡፡ ኩነታቱ ድማ ጽቡቕ ኣሎ፡፡ ኣብዘን ተረፈን ዘለዋ መዓልታት ተወሳኺ ናይ ልምምድ ግዜ ኣለና፡፡ ዛጊት ካብ ዝተዓዘብናዮ ጥዕናኡ ተመሊሱ ምህላዉ እዩ" ይብል የርገን ክሎፕ፡፡ ሊቨርፑል ብምምላስ ናብ ንቡር ኩነታት ሓደ ካብ ወሳኒቲ ኣጥቃዕታ ዝኾነ ፈርሚኖ እኳ እንተቐሰነት ኣካፋሊኣ ናቢ ከይታ ኣብቲ ወሳኒ ናይ ዋንጫ ግጥም ዝህልዎ ናይ ምስላፍ ዕድል ኣብ ሕቶ ምልክት ብምእታዉ ግን ሓንሳ ምሉእ ከም ዘይኮነ ይሕብር፡፡ "ኣብ ግጥም ኣንጻር ባርሳ መጉዳእቲ ዘጋጠሞ ከይታ፡ ኣብቲ ኣንጻር ቶተንሃም እነካይዶ ግጥም ዝስለፍ ኣይመስለንን" ብምባል ድማ ክሎፕ ንኩነታት ከይታ የብርሁ፡፡

## ስፖርታዊ ቅነ ክላስተር ባረንቱ ብውዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ብዞባ ደረጃ ብ22 ሰ ዝዓበር ስፖርታዊ ቅነ ኣብ መንጎ ማእከላይ ድረጃ ኣብዮተ ትምህርቲ ክሊ. ዕድመ 12 ኣብ ኣርባዕተ ክላስተራት ማለት ክላስተር ባረንቱ፡ ክላስተር ኣቑርደት፡ ክላስተር ተሰነይ፡ ክላስተር መቓርካን ውድድር ኩዕሶ እግሪ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ወዲቡ፡፡ ኣብ ክላስተር ባረንቱ ኣብ መንጎ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ማለት ንኡስ ዞባ ላዕላይ ጋሽ፡ ሞልቂ፡ ሻምብቆን፡ ባረንቱን ብውዕወዕ መንፈስ ተዛዚሙ፡፡ ኣብቲ ዝተኻየደ ውድድራት፡ ጋንታ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ንሻምብቆ 2ብ1 ስዒራታ፡፡ ኣብ መንጎ ጋንታ ባረንቱን ጋንታ ሞልቂን ኣብ ዝተኻይደ ግጥም ድማ፡ ባረንቱ 3ብ0 ተዓዊታ፡፡ ኣብ መንጎ ጋንታ ሻምብቆን ጋንታ ባረንቱን ኣብ ዝተኻይደ ግጥም ከኣ ጋንታ ባረንቱ 1ብ0 ብምስዓር፡ ናብቲ ብዞባ ደረጃ ዝዓበር ቅነ ስፖርት ሓሊፋ፡፡ ዝተረፋ ንኡሳን ዞባታት ከም ሎጎ ዓንሰባ፡ ሰልዓን፡ ከርከበትን ብዘለወን ናይ ራሕቂ ቦታ ብቕጥታ ኣብ'ቲ ብዞባ ደረጃ ዝዓበር ስፖርታዊ ቅነ ክሳተፋ ምዃነን ተፈሊጡ፡፡

## ምምላስ ሃሪ ኬን ናብ ጸወታ . . .

ኣጥቃዓይ ቶተንሃም ሃሪ ኬን፡ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኣንጻር ሊቨርፑል ክስለፍ ከም ዝኽእል በበሲ. ሓቢሩ፡፡ ኬን ብትሻዓት ሚያዝያ ኣብ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኣንጻር ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ኣብ ጼጋማይቲ ዓንኩር ዓንካሪቱ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ ስለዚ ድማ ኣሰልጣኒ ክለብ ቶተንሃም ፖቸቲኖ፡ እቲ ተጻዋታይ ነዚ ዓመት ስፖርት ካብ ጸወታ ከም ዝርሐቕ ኣሚቱ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ካብ ትጽበት ወጻኢ ካብ መጉዳእቱ ቀልጢፉ ዝሓወየ ኬን ናብ ልምምድ ክምለስ ግዜ ኣይወሰደን፡፡ እዚ ድማ ኣብቲ ክልተ እንግሊዛውያን ክለባት ዝጻወታሉ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ክስለፍ ከም ዝኽእል ይገልጽ ኣሎ፡፡ "ጽቡቕ ይስመዓኒ ኣሎ፡፡ ክሳብ'ዚ ግዜ'ዚ (ትማሊ ምዃኑ'ዩ) ዝኾነ ጸገም የብለይን፡፡ ክሳብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ጋንታይ ዝጸምበረሉ ናይ ልምምድ ብቕዓት እየ ዘካይድ ነይረ፡፡ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ቁመናይ ብዝለዓለ ደረጃ ተመሓይሹ ኣሎ፡፡ ናይ ምስላፈይ ውሳኔ ንኣሰልጣኒ ዝግደፍ እኳ እንተኾነ ኣነ ግን ክስለፍ ተዳልየ ኣለኹ" ኢሉ፡፡ ሃሪ ኬን ኣብዚ ዓመት ስፖርት ኣብ መንጎ ኣዋርሕ ጥሪን ለካቲትን ንሽዱሽተ ሰሙንታት ብተመሳሳሊ ምኽንያት ካብ ጸወታ ተኣልዩ ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ማውሪስዮ ፖቸቲኖ ንተኽእሎ ምስላፍ'ቲ ኣብ ኩሉ ውድድራት 24 ሽቶታት ዘመዝገበ ኣጥቃዓዩ ክገልጽ እንከሎ፡ "ሚእቲ ሚእታዊት ብቑዕ እዩ ክብል ኣይክእልን'የ፡፡ ምናልባት ክስለፍ ይኽውን፡፡ ወይ ከኣ ኣብ መንበር ተቐየርቲ ይህሉ ይኸውን፡፡ ብጥቕሉሉ ግን ብምሕዋዩ ሕጉስ እየ፡፡ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ብዘለዎ ናይ ጋንታ መንፈስ ሓብራዊ ጻዕርን እምነትን እዩ፡፡ ናብዚ መድረኽ ብኸመይ ከም ዝበጻሕናዮ ዘኪሩዎ፡፡ ኬን ኣብ ርብዒ ፍጻመ እዩ ተሃሪሙና፡፡ ብድሕሪኡ ንሱ ኣብ ዘይነበረሉ ብኸመይ ናብዚ ደረጃ በጺሕና እንታ'ዩ ተፈጢሩ ዘሎ እዩ፡፡ ንሊቨርፑል ክንስዕራ ኣለና፡፡ ኬን ክስለፍ ደዩ ኣይስለፍን ብዘየገድስ ኩልና ተጻዊትና ድሉዋት እናና" ኢሉ፡፡

## ነይማር መዝነቱ ተመንጢሉ

ነይማር መዝነት ሓለቓ ጋንታ ብራዚል ከም ዝተመንጠለ በበሲ. ኣፍሊጡ፡፡ ወዲ 27 ዓመት ነይማር ቅድሚ ሸሞንተ ኣዋርሕ እዩ ንሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ክመርሕ ሓላፍነት ተዋሂቡዎ ነይሩ፡፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣሰልጣኒ እታ ሃገራዊት ጋንታ ቲተ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነይማር ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዝርእዮ ዘሎ ጉድለት ዲሲፕሊን ነቲ ሓላፍነት ዝበቅዕ ኮይኑ ከም ዘይተረኸበ ገሊጹ፡፡ ፒኤስጂ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ዋንጫ ፈረንሳ ብሬንስ ድሕሪ ዝወረዳ ስዕረት፡ ነይማር ንሓደ ደጋፊ ከም ዝሃረመ ይፍለጥ፡፡ ኣካየድቲ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ፈረንሳ ድማ ነቲ ብራዚላዊ ንሰለስተ ወርሒ ዝጸንሕ መቕጻዕቲ ከም ዝበየኑሉ ተሓቢሩ፡፡ ነይማር ብተወሳኺ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ምስ ደቂ ጋንታኡ ከም ዝተባእሰ ድሒሩ ተረጋጊጹ እዩ፡፡ ዳኒ ኣልቨስ መተካእታ ነይማር ብምዃን ንብራዚል ክመርሓ ሓላፍነት ተዋሂቡዎ ምህላዉ ተፈሊጡ፡፡ ኣብ ፒኤስጂ ወዲ ጋንታኡ ንነይማር ዝኾነ ወዲ 36 ዓመት ኣልቨስ፡ ዛጊት ንብራዚል ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ሓለቓ ጋንታ ኮይኑ መሪሑዋ ምንባሩ ሱዳት እታ ሃገራዊት ጋንታ ይገልጹ፡፡ ብራዚል ኣብዚ ቅንያት ምስ ሃገራውያን ጋንታታት ቐጠርን ሆንዱራስን ናይ ምሕዝነት ግጥማት ከተካይድ መደብ ተታሓዚላ ኣሎ፡፡ ውድድር ዋንጫ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ 'ኮፓ ኣመሪካ' ኣብ ብራዚል ካብ 14 ሰ ክሳብ 7 ሓምለ ክኻየድ እዩ፡፡ ብራዚል ኣብ ውድድር ኮፓ ኣመሪካ ምስ ሃገራውያን ጋንታታት ቦሊቭያ፡ ቨነዝዌላን ፔሩን ተመዲባ ትርከብ፡፡

## ዣቪ ኣሰልጣኒ ክለብ ኣል ሳድ ኮይኑ




ናይ ቀድም ኣኸፋሊ ባርሰሎናን ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛን ዣቪ ሀርናንደዝ፡ ኣሰልጣኒ ክሉብ ኣል ሳድ ኮይኑ ተመዚዙ፡፡ ወዲ 39 ዓመት ዣቪ፡ ምስታ ንሰለስተ ዓመታት ዘገልገላ ክሉብ ኣል ሳድ ክሳብ ምዝዛም ዓመተ ስፖርት 2018/19 ኣብ ልዕሊ 100 ግጥማት ከም ዝተሰለፈ ተፈሊጡ፡፡ ክሉብ ኣል ሳድ ሻምፕዮን ሊግ ቐጠር እዚ ዓመተ ስፖርት ኮይና'ያ ውድድራ ፈጺማ፡፡ ኣብ 2010 ዋንጫ ዓለም ዝዓተረ ዣቪ፡ ምስ ክሉብ ባርሳ ን17 ዓመታት ኣብ ዝተጻወተሉ ኣብ 767 ግጥማት ከም ዝተሰለፈን ሸሞንተ ዋናጩ ላ ሊጋን ኣርባዕተ ጸዋኣት ሻምፕዮንስ ሊግን ምዕታሩን ታሪኽ ሂወቱ ይገልጽ፡፡ ክሉብ ኣል ሳድ ብመንገዲ ትዊተር ከም ሓበረቶ 'ዣቪ ንጀስዋልዶ ፈረራ ተኪኡ ካብ ምጀማር ዝመጽእ ዓመት ውድድር ኣትሒዙ ኣሰልጣኒ ክሉብና ክኸውን'ዩ' ብምባል ገሊጹ፡፡ ዣቪ ጫማኡ ድሕሪ ምስቃሉ ኣብ መጻኢ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ክሰርሕ ከም ዝኾነ ኣሚቱ ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ ንሱ ንስጳኛዊት ጋዜጣ ኣስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ "ከም ኣሰልጣኒ ፍልስፍናይ ኣብቲ ንዊሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ጽልዋ የሃን ክሩፍን ላማሲያን ዝዓበናሉ ቅዲ ባርሰሎና ዝምርኮሰ እዩ" ኢሉ ነይሩ'ዩ፡፡

### መደብ ጸወታ

ዩሮፓያን ሊግ
ቸልሲ ምስ ኣርሰናል ሰዓት 10፡00

# ምልክታ

እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ቤንሆር ዳኒኤል ተኪኤ ብወለዱ 1. ኣቶ ዳኒኤል ተኪኤ 2. ወ/ሮ ሄለን ክፍለማርያም ኣቢሉ ቤንሆር ተኪኤ ምባል ተሪፋ፡ ሄኑስ ዳኒኤል ተኪኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኣያ ቁጽሪ 35 ይቕረብ።

ከሳሲ ቀሺ ሃብቶም ብስራት ገብረወልዱ ተከሰስቲ ወረ/ነፍ/ዘካርያስ ተኽሉ ኣድጎይ +14 ወረ/ ነፍ ዙፋን መብራህቱ ባዓታይን ተከሰስቲ 1. ሚኪኤል ጸጋይ ዘካርያስ 2. ጠዓመ ጸጋይ ዘካርያስ 3. ግርማይ ጸጋይ ዘካርያስ ብኸሳሲ ቀሺ ሃብቶም ብስራት ገብረወልዱ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ኣብ ልዕሌኩም ቀሪቡ ስለዘሎ ን18/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኣያ ቁ.41 ሲቪል ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይ ንስኹም ኣብዘይቀረብክምሉ ተራእዩ ክ ውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ ሞንጎ ከሳሲ ኣብርሃም ተወልደ በራኺ ተኸሰስቲ 1. ባሲልዮስ ተወልደ በራኺ+6 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ ተኸሰስቲ ብርሃነ ተወልደ በራኺ፣ ወይኒ በራኺ ተጸዊያም ን18/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኣያ ይቕረቡ። ተዘይቀሪቦም ኣብ ዘየለውሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ብፍ/ሰብ መሰል ወረ/ነፍ/ሄር ኣነንያ ተሰፋ ወረ/ነፍ/ሰንበቱ ገብረኪዳን 1. ኣቶ ግርማይ ኣነንያ ተሰፋ 2. ወ/ሮ ህዳኣት ኣነንያ ተሰፋ ሰብ ዕዳ ወረ/ነፍ/ሄር ኣነንያ ተሰፋኡ ወረ/ነፍ/ሄር ሰንበቱ ገብረኪዳን 1. ወ/ሮ ስምረት ኣነንያ ተሰፋ+3 ዘሎ ናይ ኣፈጻጽም ክርክር ብፍ/ሰብ ዕዳ ኣብ ወጻኢ ስለዝነብራን ኣድራሻአን ንጹር ስለዘይኮነን ተጸዊዐን ን7/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኣያ ቁጽሪ 35 ይቕረባ። እንተዘይቀሪበን ንሰን ኣብ ዘየለዋሉ እቲ ጉዳይ ክፍጸም ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ወ/ት ቤትልሄም ኣረፋየነ ወልደሃዋርያት ብወኪል ወ/ሮ ብእምነት ገብረኣምላኽ ኣቢላ ቤተልሄም ኣረፋየነ ወልደሃዋርያት ምባል ተሪፋ፡ ሊዮና ኣረፋይነ ምስግና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኣያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛባንዳ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሚኪኤል ዘርኦምን ተከሳሲት ተጻዋዕቲ ናይ ነ/ሄር ታቡቱ ኣስመላሽን ብዘሎ ናይ ኣካራይን ተኻራይን ጉዳይ ናይ ተኸሳሲት ተጸዋዕቲ ደቃ ይኹኑ ተሓተትቲ ስለዘይቀረቡ ኣድራሽኦም ከኣ ፍሉጥ ስለዘይኾነ ተጸዋዕቲ ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። ተጸዋዒ ወይ ወኪል እንተዘይቀሪቦም ቤ/ፍ ኣብ ዘይብሉ ውሳኔ ክህብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ናጽነት ብርሃነ ዑቕባስላሴ፡ በዓልቤተይ ኣቶ ኮኮብ ጳውሎስ ነጋሽ ደሃይ ስለዘይብለይ ኣብ ሞንጎና ብዝነበረ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ክርክር ተኸሳሲ ፍሉጥ ኣድራሻ ስለዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ቤ/ፍ ኣድላዪ ዝበሎ ውሳኔ ክህብ ምዃኑ የፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ተኽለ ቀለታ ፡ በዓልቤተይ ኣብርሃ ገብረኪዳን ቀለታ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ርግኣት ገብረመስቀል ወልደሚካኤል በዓልቤተይ ኣቶ ስለሙን ካሕሳይ ደስታ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17 /6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ወ/ሮ ኣድያም ገብረኣብ ተኽለሃይማኖት፡ በዓልቤተይ ዮውሃንስ ክብሮም ኣርዓዶም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሙኤል ሃይለ ዑቕባሚካኤል፡ ወላዲተይ ንግስቲ ወልደዮሃንስ ወልደ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ወ/ሮ ሸውሃት ገብረትንሳኤ፡ በዓልቤተይ ኣቶ ኣማኑኤል ዘካርያስ ዑቕባጋብር ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕዳዕሮ

ወ/ሮ ቅዱሳን ፍስሓጼን፡ ጓለይ ትርሓስ ጸጋይ ጽገ ስለዝሞተት፡ ኣይተመርዓወትን ኣይወለደትን ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/19 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኳዜን

ኣቶ ተስፋይ ሓጎስ፡ ሓፍትና ወ/ሮ ሃንሱ ሓጎስ ተስፋዝጊ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ኣቶ ኣብርሃም ወልደማርያም በርሀ ድማ ናይ መጻምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ መዲና ዓሊኖር ማሕሙድ ስም ናይ ወላዲተይ ዘይነብ ዒሳ ረድኢ ምባል ተሪፋ፡ ዘይነብ ዓበ ረድኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ኪዳነ ተኸሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ኪዳነ፡ 3ይ ኣካል ተኸሰሲት ወ/ሮ ብስራት ዑቕባጋብር ህሉው ኣድራሻ ዘይተፈልጠ ወጻኢ ሃገር ኣቶ ዑቕባሚካኤል ኪዳነ ኣማሃጽዮን ነባሪ ከባቢ/ምም ዓዲ ወግሪ መንደፈራ ከባቢ እንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ ዝኾነ ንወ/ሮ ብርኽቲ ኪዳነ ገብረዝጋብሄር ብሕድሪ ዝሃብክንኤን መፍትሕ ገዛ ኣረክብኒ ንብረት ወ/ሮ ብስራት ካብ ገዛይ ብሕጊ ይተኣለያለይ ክብሉ ናይ ገዛ ምልቓቕ ክሲ ስለዝመስረቱ ከም 3ይ ኣካል ተኸሳሲ ኮንክን ጉዳይክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልክን ክትከታተላ ነፍልጥ። ን13/6/19 ብኣካል ወይ ብወኪል ምስ ዘይትቀርባ ግን ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክርአን ክውሰንን ምዃኑ ነፍልጥ።

ዮናስ ሰዮም ተስፋይ ምባል ተሪፋ፡ ዮናስ ኣስማማው ዳግሚያው ተዘራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ከምኡውን ስም ኣደይ ባሕሮ ንጉስ ገሹ ምባል ተሪፉ ትዕበ ሰዮም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዓዲ'ኳላ

ት/ዕደመ ወደይ ታሪክ ሙሳ መሓመድ ኢማም ምባል ተሪፉ፡ ታሪክ ሙሳ ኢማም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዓዲቐይሕ

ወ/ሮ ከድጃ መሓመድ ኣሕመድ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ጅምዓ መሓመድ ዓሊ ዑመር ምባል ተሪፋ፡ ጅምዓ መሓመድዓሊ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲሻካ

ወዘነት ሰባህቱ ደባስ፡ በዓልቤተይ መሓሪ ኣሕፈሮም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ድባርዋ

ሃብትኣብ ተኽለ ባህታ፡ ኣደና ወ/ሮ ለተኣብ ተኽለሃይማኖት ምራጭ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግርማይ ተወልደመድህን፡ ኣቦና ተወልደመድህን ቢልዋ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ'ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ዮውሃንስ ብስራት ምስ ተከሳሲ ኣቶ ዳንኤል ሃይለ ሃብተ ብባህልን ልምድን ተመርዕና ሓንቲ ወሊድና ምስ ወለድና ንዓይ ይኹን ንውላዱ ድሃይ ክገብር ስለዘይከኣለ ይጸወዓለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መነኹሰይቶ

ኣቶ ኪዳነ ዮሴፍ ወርቁ፡ ወደይ ሙሉእብርሃን ኪዳነ ዮሴፍ ስለዝሞተ፡ ከይተመርዓወ ሓድጊ ስለዘይገደፈ ከምኡውን ኣዲኡ ለምለም ጸሊም ወልዱ ስለዝሞተት፡ኣነ ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ሙሳ ኣሕመድ ሳልሕ ምባል ተሪፋ፡ ሙሳ ስራጅ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ኣቶ ደመስ ኣብርሃ ገብረ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ደቀምሓረ ሎታ 6 ፓርሰል 'ጂ' ኣብ 381 ት/ሜ ዝተደኮነ 13 ቀንዲ ክፍልታት 4 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ብሆቴል ኣከለ ጉዛይ ዝፍለጥ ብመወከሲ 530386 ምስክር ወረቐት ቁ.530755 ምስ ንግዲ ፍቃዱ ብስም ነ/ሄር ኣብርሃ ገብረ ወልደገብርኤልን ነ/ሄርት ግምጃ ገብረማርያም ዝተመዝገበ ብህያብ ዝተወሃበኒ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለዝኾንኩ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ ይቕረብ። እንተዘይቀርቡ ብዘለኒ ዶኮሜንት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ደመስ ኣብርሃ

## ምልክታ

ብስም ብርኽቲ በርሀ ገብረማርያም ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00041731 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይላም ቁ.ገዛ 22 ዝርከብ ናይ ቤት መግቢን መስተን ትካለይ ንወ/ሮ ጽገ ኣረጋይ ገብረሚካኤል ካብ ዕለት 01/05/2019 ክሳብ ዕለት 31/12/2021 ኣካሪየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀረበ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ብርኽቲ በርሀ ገብረማርያም
ሕጋዊ ወኪል ሙሉ ገብረማርያም

## ምልክታ

ብርኽቲ በርሀ ገብረማርያም +2 ኣብ ዞ/ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 1A178 ቁ.ገዛ 13 ቁ/ፕሎት 76R ፓርሰል M ዝርከብ ብቁ/መዝገብ 48721 ጠ/ቁ/መ 78067 ብስም በዓልቤተይ ነፍ/ሄር ቢተው ገብረማርያም ካሳ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታዮ ዞ/ማእከል ሒዙ ይቕረብ።

ብርኽቲ በርሀ

## ምልክታ

ብርኽቲ በርሀ ገብረማርያም+2 ኣብ ዞ/ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይላም ቁ.ገዛ 2 ቁ/ፕሎት 2 ፓርሰል A ዝርከብ ብቁ/መዝገብ 63836 ጠ/ቁ/መ 104789 ብስም በዓልቤተይ ነፍ/ሄር ቢተው ገብረማርያም ካሳ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታዮ ዞ/ማእከል ሒዙ ይቕረብ።

ብርኽቲ በርሀ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ረዘነ ጸጋይ ሰለሙን ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ዓብደልቃድር ስዒድ ወኪል ወ/ሮ ደሃብ ስዒድ 2. ኣቶ ሚኪኤል ሓድሽ ወኪል ወ/ሮ ኢለን ሓድሽ ኣብ ምም/ዞ/ማ ምም/ን/ ዞባ ጋላነፍሐ ዓዲ ጓዕዳድ ብሕጋዊ መንገዲ ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ተከሳሲ ኣቶ ዓብደልቃድር ስዒድ ጣህር ናይ ነጻላ መንደቕ ዘይከፈለኒ 86.805 (ሰማንያን ሽድሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእቲን ሓሙስተን ) ናቕፋ ስለዘሎ ኣድራሽኡ ብንጹር ስለዘይፈልጦ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ተኸሳሲ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ከኣ ን18/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ 52 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግና ኣብዘይሃለወሉ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ የፍልጥ።

ትርሓስ ስምረት ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ባህረ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛባንዳ

ወረስቲ ናይ ነ/ሄሪት ቅዱሳን ይልማ ናሽሕ ዝኾና ብዛዕባ ውርሻ ዝምልከት ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ ብዕለት 12/2/2018 ዝተወሰነ ውሳኔ ተቓውሞ ስለዘለና ተጸዋዒት ሉችያ ፊስቲነዝ ሩፋኤል ኣብ ወጻኢ ሃገር ትነብር ኮይና ልክዕ ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ ተጸዋዒት ንዝቀረበ ተቃውሞ ንክትምልስ ንሳ ብኣካል ወይ ብመንገዲ ወኪላ ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ይርጋኣለም ገብረእየሱስ ሱራፍኤል ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል መስፍን ሃብቱ ዝቀረበልና ሲቪላዊ ክሲ ጉዳይ ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኑ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኡ ክርከብ ስለዘይከኣሉ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ቤ/ፍ ኣብ ዘየለወሉ ቤ/ፍ ክርእዮ ምዃኑ የፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሃና ዮሴፍ ኪዳነ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ኣስመላሽ ገብረኪዳን ዝቐረበልና ሲቪላዊ ክሲ ጉዳይ ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኑ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሽኡ ክርከብ ስለዘይከኣለ ተኸሳሲ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ን21/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ክቀርብ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ሚኪኤል ተኸሳሲ ኣቶ ሽማያ ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክርክር ስለዘሎ ተከሳሲ ብኣድራሽኡ ክርኩብ ስለዘይከኣለ ብኤልሳ ሚኪኤል ተጸዊዑ ን18/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ብኣካል ወይ ብወኪሉ እንተዘይቀሪቡ ጉዳዩ ኣብ ዘየለወሉ እዋን ክርኣ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ኤልሳ ስመረ ሃይለ ንቤተክርስትያን MARRY IMMA CULATE እምባጋልያኖ ዝገደፈትሉም ህያብ ይጽደቀልና ስለዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት መስፍን ሰለሙን በዓልቤተይ ኣቶ የዕብዮ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ክሕለወለይ ሽድሽተ ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ኣቶ ዮሴፍ ገብረመስቀል ገብረመድህን፡ ወላዲየይ ኣቶ ገብረመስቀል ገብረመድህን ስለዝሞተ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ጽጊት ነጋሲ ወለድና ወ/ሮ ምሕረት ዘርእዝጊ ደበሳይ ኣቶ ጽጊት ነጋሲ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጅረትን ቲራቮሎን

ኣቶ ሲራክ ባህልቢ ክፍሎም፡ ኣቦይ ባህልቢ ክፍሎም ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ ወላዲተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ከሳሲ ሃለቃ ደበሳይ ሃብተጽዮን ገ/እንድርያስ ተኸሳሲ ሮቤል በራኺ ፍስሃየ ፎርድ ጂኤል ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ቁ.ሰሌዳ ER፡ 1-21586 ቁ.ቻሲ HE61483 ዝኾነት መኪና ሽይጡለይ እንተኾነ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ስለዘይተሰጋገረ ተኸሳሲውን ንጹር ኣድራሻኡ ስለዘይብለይ ተኸሳሲ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪሉ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ተኸሳሲ ምስዘይቀርብ ቤ/ፍርዲ ኣብ ዘየለወሉ ውሳኔ ክህብ ምዃኑ የፍልጥ።

ወ/ሮ ኣለም ኣብርሃም ዓንደማርያም፡ ወላዲየይ ኣብርሃም ዓ/ማርያም ክፍሎም ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ወላዲትና ወ/ሮ ቅድስቲ ጊደ ተስፋማርያም ድማ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ በለጠሽ ጸሃየ መብራህቱ ሓፍተይ ነ/ሪ ኣይነኣለም ጸሃየ መብራህቱ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዑቕባይ ኣስመላሽ ብወኪሉ ወ/ሮ ዛፋ ኣስመላሽ ኣቢሉ ንተኸሳሲት ወ/ሮ ዮርዳኖስ ዳኒኤል ክሲ ስለዝመስረቱላ ተኸሳሲት ግን ካብ ኤርትራ ወጻኢ ስለትነብር ተጸዊዓ ክትቀርበለይ ስለዝበሉ፣ ተኸሳሲት ብኣካል ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪላ ን21/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ተኸሳሲት በዚ ዝተጠቐሰ ዕለት ምስዘይትቐርብ ቤ/ፍ ውሳኔ ክህበሉ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ በለዛ

ኣቶ ሙሉጌታ ኣማኑኤል ገብረገርግሽ፡ ሓውና ቴድሮስ ኣማኑኤል ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሰናእ ኣቡበከር ማሕመድ፡ ስም ወላዲተይ ራህያ ዑስማን ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ራህያ ዑስማን ዓሊጃምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ቀሺ ተኪኤ ገብርኣብ፡ ስም ኣደይ ለምለም ኪዳነማርያም ወልዱ ምባል ተሪፉ፡ ብርሃና ገብረየሱስ ሕመጋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/19 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባያ ይቕረብ።

## ዓዲ ኳላ

ተቃዋሚት ወ/ሮ ኣስካለ ገብረ ተጸዋዕቲ መርጌት ገ/ ማርያም ተኸለሚካኤል+8 ወ/ሮ ኣለምጽሃይ ተኸለሚካኤል ኪዳነ፣ ንግስቲ ተኸለሚካኤል ኪዳነ ፣ታደሰ ተኸለሚካኤል ኪ ዳ ነ ፣ ተ ኽ ለ ኣ ብ ተኸለሚካኤል ኪዳነ ብወ/ሮ ኣስካሉ ገብረ ናይ ተቓውሞ ክሲ ኣቕሪብናልኩም ስለዘለዋ ን14/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ቅረቡ።እንተዘይቀሪብኩም ቤ/ፍ ጉዳይኩም ንስኹም ኣብዘይብሉ ርእዩ ክውሰን ምዃኑ የፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ድንጉር

ልኡል ማዓሾ ናብሊሽ፡ በዓልቲቤተይ ወ/ሮ ማሓሪት ዑቕባይ ተስፋጽየን ሰንብታ ስለዘየውረደትለይ ትጸወዓለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ባረንቱ

ኣቶ ተኸለ ኣፈወርቂ ገ/መድህን፡ በዓልቲቤተይ ምሕረት ግርማይ ተሰፋይ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቢንቢና

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብተ ገረዝጊሄር፡ በዓልቤተይ ሓጎስ ዑቕባሚካኤል ሰለሙን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገርጠጢ

ኣቶ ምሕረኣብ ቀሺ በራኺ ገብረሂወት፡ ኣቦና ቀሺ በራኺ ቀሺ ገብሪሂወት ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ዮርሳሌም ኣስመላሽ ቢተው ምባል ተሪፉ ኢዮርሳሌም ተመስገን ኣብርሃዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ትካል ገመል ህዝባዊ መጓዓዝያ ብርኪ ማሕበር ናይ 2019 ብጽሒት ናይ ብርኪ (Dibidend) ክኽፍል ስለ ዝኾነ ኩሉኹም ወነንቲ ብርኪ ዘለኹም ሰነድ ብምሓዝ ካብ ዕለት 10/06/2019 ጀሚሩ ኣብ ቤት ጽሕፈት ገመል ህዝባዊ መጓዓዝያ ብርኪ ማሕበር ፐራዲዞ ራዳር ብኣካል ወይ ብወከልትኹም ብምምጻእ ብጽሒትኩም ክትወስዱ ከምእትኽእሉ የፍልጥ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቁጽሪ ቴሌፎን 08373002

## 3ይ ፍሉይ ኣኼባን መበል 15 ሓፈሻዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር ንኹሎም ወነንቲ ብርኪ ንቀዳም 1 ሰነ 2019 ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝካየድ 3ይ ፍሉይ ኣኼባ፡ ወነንቲ ብርክን ከምኡ'ውን መበል 15 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ንኽሳተፉ ብኽብሪ ይዕድም። ንኣኼባ ዝምልከቱ ሰነዳት ካብ 29 ግንቦት 2019 ካብ ቤት ጽሕፈትና ክውሰድ ይከኣል። ኣብቲ ኣኼባ ብኣካል ክሳተፉ ዘይክእሉ ወነንቲ ብርኪ ናይ መወከሊ ቅጥዒ ካብ ቤ/ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና (WWW.niceritra.com) ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 31 ግንቦት 2019 ሰዓት 12:00 ኣብ ዘሎ ጊዜ ክልእኩልና ነተሓሳስብ።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ
ብትእዛዝ ዳረክተራት ቦርድ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ኣውስትራልያ - ዓሌት ኣቦሪጂንስ ዘለዎ ኣባል ካቢነ ተሓርዩ



ኣብ ኣውስትራልያ ንመጀመርያ እዋን ዓሌት ኣቦሪጂንስ ዘለዎ ዜጋ'ታ ሃገር ኣባል ካቢነ ሚኒስተራት ክኸውን ከምዝተሓርየ ተገሊጹ።

እቲ ኬን ዋት ዝተባህለ ኣውስትራልያዊ ብሓደ ወገኑ ኣቦሪጂንስ ዝተባህለ መበቆላዊ ዓሌት ኣውስትራልያ ዘለዎ ኮይኑ፣ ካብ ዓሌት ኣቦሪጂንስ ንላዕለዋይ ጽፍሒ መንግስቲ ዝተሓርየ ናይ ፈለማ ሰብ ምዃኑ ምንጭታት'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ስኮት ማሪሶን ኣብቲ ብ18 ግንቦት ዝተኻየደ ምርጫ፡ ሃንደበታዊ ዓወት ድሕሪ ምጭባጡ'ዩ ኣብ ካቢነ ሚኒስተራቱ ካብቲ ተሃሚሹ ዘሎ መበቆላዊ ዓሌት ክጽንበር ዝወሰኑ።

እቲ ኣባል ካቢነ ሚኒስተራት ኣውስትራልያ ክኸውን ተሓርዩ ዘሎ ወዲ 66 ዓመት ኣውስትራልያዊ፡ ዓቃቢ ኣረኣእያ ዘለዎ ኮይኑ፣ ንጉዳይ ዓሌት ኣቦሪጂንስ ክከታተል እዩ መዚኑ ተዋሂቡዎ ዘሎ። ንሱ ኣብ ናይ ፈለማ ኣኼባ ካቢኑ ኣብ ባህሉ ዝዘውተር ቈርበት ካንጋሩ ተኸዲኑ ቃለ መሓላ ከምዝፈጸመ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ዝርዝር ኣባላት ካቢነኡ ንህዝቢ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ሓያሎ መበቆላዊ ዓሌት ኣቦሪጂንስ ዘለዎም ዜጋታት'ታ ሃገር ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ሓጎሶም ክገልጹ ከምዝተራእዩ ምንጭታት ዜና'ታ ሃገር ሓቢሮም። ኣብ ኣውስትራልያ ዓሌት ኣቦሪጂንስ ዘለዎ ፖለቲከኛ ንላዕለዋይ ጽፍሒ ሚኒስተርነት ምምዛዙ ብርቂ ተርእዮ ምዃኑ'ዩም ተንተንቲ ዝሕብሩ።

ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ኣውስትራልያ መበቆላውያን ዓሌት ኣቦሪጂንስ ዘለዎም ዜጋታት 3 ሚእታዊት እኳ እንተኾኑ፣ ኣብ መንግስቲ'ታ ሃገር ብዓቢኡ ከማዝይተወከሉ ይጥቀሱ።

## ተወሳኺ

ዩዶ ኤን ዝተባህለ ጃፓናዊ ናብታ ካብ መክሲኮ ዝተበገሰት ነፋሪት ሃገሩ ክሳፈር እንከሎ ብደገኡ ጥዑይ እዩ ዝመስል ነይሩ። ኣቐዲሙ ካብ ቦጎታ - ርእሰ ከተማ ኮሎምብያ እዩ ተበጊሱ፤ ንጃዶ ኣሳፈራ ካብ መክሲኮ ዝተበገሰት ነፋሪት ጃፓን ግን ጉዕዞኣ ኣቋሪጻ ኣብ ሶኖራ ዝተባህለት ከተማ መክሲኮ ክትዓልብ'ያ ተገዲዳ። እቲ ምኽንያት ድማ ኣብ በረራ እንከሎ ጃፓናዊ ዩዶ ብምማቱ እዩ። ህይወቱ ኣብ ከርሲ ነፋሪት ዝሓለፈት ዩዶ፣ ቅድሚ ምብጋሱ ኣብ ኣካላቱ ብዙሕ ጉድ'ዩ ጸይሩ። ሓካይም መክሲኮ ኣብ ሬሳ ናይቲ ጃፓናዊ ብዘካየዱዎ ምርምር፡ ኣብ ከስዐኡ ዕጹፋርስ ዝመልአ 246 ከረጺት ጸኒሐቶ። ንፍሲ ወከፍ ናይቲ 2.5 ሰንቲሜተር ቁመት ዘለዎ ፕላስቲካዊ ከረጺት ኮካይን ዝተባህለ ዕጹፋርስ'ዩ መሊኡዎ። ካብ ፈተሻ ከምልጥ ኢሉ ኣብ ከስዐኡ ዝሓብኦ ዕጹፋርስ ግን ንገዛእ ህይወቱ እዩ ለኪሙዎ - ብመሰረት ሓካይም መክሲኮ።



# ሰርብያ፡ ወተሃደራታ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሑ ኣዚዛ



ሰርብያ ምስ ኮሶቮ ኣብ ዘዳውብ መሬታ ዘለዉ ወተሃደራታ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሑ ከምዝኣዘዘት በቢሲ ሓቢሩ።

ሰርብያ ነዚ ትእዛዝ ዘውጸአት፡ ኣብቲ ምስ ኮሶቮ ዘራኽብ ከባቢታት'ታ ሃገር ልዑል ወጥሪ ከምዝተኸስተ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ብኸቢድ ዝዓጠቑ ኣባላት ፖሊስ ኮሶቮ ናብቲ ሰርብያውያን ዝነብሩሉ ከባቢታት ብምእታው ሓያሎ ሰባት ከምዝኣሰሩ መንግስታዊት ተለቪዥን ሰርብያ ትገልጽ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ምስ ሰርብያ ዘዳውብ ከባቢታት ኮሶቮ ካብ ዝነብር ህዝቢ 90 ሚእታዊት ዓሌት ሰርብያ ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣብ ትሕቲ ኮሶቮ ክመሓደሩ ድሌት ዘይብሎም እዮም።

ብድሩዓት መካይን ዝተሰነዩ ፍሉያት ሓይልታት ፖሊስ ኮሶቮ ናብቲ ከባቢ ኣብ ዝኣተውሉ እዋን፡ ተቓውሞ ስለ ዝገጠሞም ድምጺ ተኹሲ ጠያይትን ዘንብዕ ጋዝን ከምዝተሰምዐ ምንጭታት ሰርብያ ሓቢሮም።

ይኹን እምበር ቀዳማይ ሚኒስተር ኮሶቮ ኣብ ናይ ትዊተር መልእኽቱ ከምዝሓበሮ፡ ናብቲ ከባቢ ተላኢኹ ዘሎ ሓይሊ ፖሊስ ዕላማኡ ንዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹፋርስን ወዳቡ ገበናትን ንምግታእ ምዃኑን ካልእ ተልእኾ ከምዘይብሉን ገሊጹ። ኣብቲ ዘይሕጋዊ ተግባራት ተዋፊሮም ዝጸንሑ ሰባት ድማ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከምዝቐርቡ ኣፍሊጡ።

ሰብ መዚ ኮሶቮ፡ ኣብቲ ምስ ሰርብያ ዘራኽብ ከባቢታት ዝተኻየደ ሰርሒት፡ ክልተ ኣባላት ፖሊስ ከምዝቖሰሉ ገሊጾም።

መንግስቲ ሰርብያ፡ ፖሊስ ኮሶቮ ዘካይዶ ዘሎ ሰርሒት ዕላማኡ ኣብቲ ከባቢ ንዝነብሩ ዓሌት ሰርብ ንምርዓድን ካብቲ ቦታ ክገዓዙ ንምስጎጎድን ምዃኑ ብምግላጽ፡ እቲ ተግባራት ንሰላምን ርግኣትን ናይቲ ከባቢ ብኣሉታ ዝጸሉ ከምዘኸትል ብወገኑ ከምዘይቅበሎ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኮሶቮ ነቲ ሰርሒት ደው ምስዘይተብሎ ድማ ቀጥታዊ ምትእትታው ከምዝገብር'ዩ ዘጠንቀቐ።

ሰራዊት ሰርብያ ናብ ኮሶቮ ምስዝኣቱ ኣብታ ዞባ ካብ ዝተዋፈረ ሰራዊት ሓይልታት ኪዳን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ተቓውሞ ክገጥሞ ከምዝኽእል'ዩም ጸብጻባት ዝገልጹ።

# ፕረዚደንት ማላዊ ንኻልኣይ እብረ ተመሪጹ



ኣብ ማላዊ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ፒተር ሙታሪካ ንኻልኣይ እብረ ኑታ ሃገር ክመርሕ ብጸቢብ ከምዝተዓወተ ንመግለጺ ኮሚሽን ምርጫ'ታ ሃገር ብምጥቃስ በቢሲ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ምርጫ ፕረዚደንት ሙታሪካ 38.5 ሚእታዊት ድምጺ ረኺቡ ክዕወት እንከሎ፡ ቀንዲ መቐናቕንቱ ኮይኑ ዝቐረበ ላዛሩስ ቻክወራ ብወገኑ 35.4 ሚእታዊት ድምጺ ረኺቡ። ኣብቲ ምርጫ ዝተወዳደረ ምክትል ፕረዚደንት ማላዊ ሳሉስ ቺሊማ 20 ሚእታዊት ድምጺ ከምዝረኸበ ጸብጻብ ኮሚሽን ምርጫ ኣፍሊጡ።

መቐናቕንቲ ፕረዚደንት ሙታሪካ ኣብ እዋን'ቲ ምርጫ ምድንጋራት ከምዝተፈጸመ ብምኽሳስ፡ ዳግማይ ክቑጸር ናብ ቤት ፍርዲ ክሲ ከምዝመስረተ'ዩ ዝገለጸ። የግዳስ ጥርዓኑ ብቤት ፍርዲ ተቐባልነት ከምዘይረኸበ'ዩ ዝገለጸ።

ኣብ እዋን ጉስጓስ ምርጫ ማላዊ፡ ኣብታ ሃገር ዘሎ ልዑል ድኽነትን ብልሽውናን ዝዓበየ ኣካታዒ ኣርእስቲ ከምዝነበረ ምንጭታት'ታ ሃገር ሓቢሮም። ወዲ 78 ዓመት ፕረዚደንት ሙታሪካ፡ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ስልጣን ኣብ ዝጸንሓሉ ኣብታ ሃገር ዘሎ ብልሽውና ክውገድ እምበር ክጎድል ከምዘይተራእየ ተቓወምቲ ፖለቲከኛታት ይገልጹ።

ካብ ኣስታት 7 ሚልዮን ሕጋውያን ኣድመጽቲ 74 ሚእታዊት ጥራይ ድምጾም ከምዝሃቡ ኮሚሽን ምርጫ'ታ ሃገር ይሕብር።

# ነፈርቲ እስራኤል ኣብ መሬት ሶርያ ደብዲበን

ነፈርቲ ኲናት እስራኤል ኣብ ከበሳታት ጎላን ኣብ ዝርከብ መሬት ሶርያ ጽዑቕ ደብዳብ ከምዝፈጸማ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ 'ኩንትራ' ዝተባህለ ዞባ ዝተኻየደ ደብዳብ ነፈርቲ እስራኤል፡ ኣንጻር'ቶም ኣብቲ ቦታ ዝዓስከሩ ወተሃደራት ሶርያ ዝጸንዐ ምንባሩ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ሶርያ ገሊጹ። በቲ መጥቃዕቲ ሓደ ሶርያዊ ወተሃደር ከምዝተቐትለን ሓደ ካልእ ከምዝቖሰለን እቲ ማዕከን ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ሰራዊት እስራኤል ኣብ ማሕበራዊ ገጹ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ባዕሉ ከምዝፈጸሞ ገሊጹ ኣሎ። ከም መልሱ ግብሪ ናይቲ ኣቐዲሙ ብሰራዊት ሶርያ ኣብ ልዕሊ ነፋሪት ኲናት እስራኤል ከምዝተተኩሰ ዝገለጾ ቦምብ ጸረ-ነፈርቲ ምዃኑ ድማ ኣፍሊጡ። ካብ ሰራዊት ሶርያ ቦምባታት ጸረ-ነፈርቲ ዝተተኩሳ ነፋሪት ኲናት እስራኤል ብዘይ ጉድኣት ናብ ቦታኣ ከምእተመልሰት ድማ መግለጺ ሰራዊት እስራኤል የመልክት።

"ፖሊሲና ንጹር'ዩ" ዝበለ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ፡ ሃገሩ ኣንጻራ ንዝቐንዐ ዝኾነ ይኹን ተጻብኦታት ዓጸፌታ ከምእትምልሶሉ ኣጠንቂቑ።

ኣብዚ ዘለናዮ ወርሒ ጥራይ፡ ነፈርቲ ኲናት እስራኤል ኣብ መሬት ሶርያ ንሳልሳይ ግዜኣን ደብዳብ ከምዝፈጸማ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ይሕብሩ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ናይ ኢራንን ሕዝቦላህን ሓይልታት ዓስኪሮሙሉ ዝበሎቶ ከባቢታት ሶርያ ተደጋጋሚ ደብዳብ ከምእተካይድ ይግለጽ።

ሓይልታት ኢራንን ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህን ንመንግስቲ ሶርያ ደገፍ ንምሃብ ኣብ ውሽጢ ሶርያ ከምዝንቀሳቐሱ ይንገር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ቪያ ጅዳ | 29/5/2019 | ጎደና ስጋለት ቀጣን ቁ.6 (ቪያ ጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565